# ጣዕመ ቃንኡን፡ ሓቀኛ ፍረኡን ዘይቃዶ፡ ዋዜማ "ሰብኣዊ መሰል"

# ሜላ ምድንጋር፡ መሰል ኣህዛብ፡ ንምምንጣል!!

ተወልደ ብእምነት

ኣብ ኣህጉራዊ መጋባእያታትን ኣኼባታትን፡ ንኽተምስል፡ ብምሩጽን ውርጹጽን ቃላት፡ንሓደ ዓብን ኣገዳስን ኣርእስቲ፡ ኣልዒልካ ምውርዛይ፡ ኣብ ባይታ ብግብሪ እትፍጽሞ፡ ኣነዋሪ ስርሓት፡ ዓለምና እትቋመቶ፡ ዘይቃዶ ካልእ ኩነታት እንከሎ፤ ንራኣዩለይን ስምዑለይን ዝቐርብ መደረን ዲስኩራትን፡ንፖለቲካዊ ሃልኪ ዝንዛሕ ፕሮፓጋንዳ፡ መቐመሪ ዕርቡን ካብ ምዃን ሓሊፉ፡ ካልእ ፋይዳ የብሉን።

እዚ ክብል ዝደፋፍኣኒ ምኽንያት፡ ነዚ ኣብ'ዚ ዝሓለፈ መዓልታት፡ ኣብ ከተማ ጀነቫ፡ ኣብ መበል 29 ዙርያ፡ ስሩዕ ዓመታዊ መጋባእያ፡ ኣማኻሪት ኣካል፡ ሰብኣዊ መሰላት፡ ኣብ ውዱብ ሕቡራት መንግስታት፡ ፍሉይ "መርማሪ ኮምሽን"፡ ዝፈነወቶ ጓንጓ ዝትሕዝትኡ  መግለጺን ክስን፡ ብዛዕባ "ምግሃስ ሰብኣዊ መሰል" ኣብ ኤርትራ፡ መበገሲ ዝገበረ ኢዩ። ከመይሲ፡ ኣብ'ዚ እዋን እዚ፡ ዓለምና፡ ሃንቀው እትብሎ ነገር እንተድኣ ሃልዩ፡ ሓድሽ ኣብ ሓቂ ዝተመርኮሰ፡ ግብራዊ ጭቡጥ ውጽኢት ዘውሕስ፡ ጽምዶታት ትጠልብ ስለ ዘላ።

ብዝኾነ፡ ነዚ ዘሎ ፖለቲካዊ ኣየር፡ (ክላይመት)፡ ሓቅን ሓሶትን፡ ቅንዕናን ተንኮልን፡ ገጽ-ንገጽ እናተጠማመታ ብሓባር ዝጓዓዛሉ፡ ኣብ ዘለናሉ ህሞት፡ ኣብ ሓቂ ረጊጽካ፡ ንመሰላትካ ክትከላኸል፡ ተጻባእቲ፡ ዓመጾም ከኽርሩ፡ ዝግበር፡ መኸተ ስለ ዝኾነ፡ ቅድሚ፡ ናብ'ቲ ጸብጻብን ዝርዝራቱን ኣትየ፡ ርእይቶይ ዘፍስስ፡ መእተዊ ዝኾነኒ፡ ሓሳብ ከቀድም ተኸታተሉኒ።

ኣብ'ዚ ኣድማሳዊ ሓቂ ንዘሎ ዕዱታዊ መስርሕ ንምግላጽ ዘይኮነስ፡ ነቲ ኣምር መበገሲ ብምግባር፡ ካብ'ዚ ዓንደ ሓሳብ ዘይረሓቐ፡ ግን ከኣ ሓሶትን/ተንኮልን ኣብ ልዕሊ ሓቂን/ቅንዕናን ንምንጋስ፡ ብዓንደርቲ ሓይልታት ዝጽሕተር ዘሎ ጻይቅታት፡ ኣብ ዓለምና፡ ፍትሕን ርትዕን ከይነግስ ንምቕባር፡ ሎሚ፡ ካብ'ታ ዝሓለፈት ዘመን፡ ብዝዓበየን ዝሰፍሐን ዝኸበደን፡ መርበብ ውዲታቱ ዘርጊሑ፡ ኣብ ልዕሊ ኣህዛብ ወጽዓታቱ ከዛይድ፡ ብትዕቢትን ንዕቀትን፡ ኽቕጽል ንርእዮ ዘለናሉ መዋእል፣ ደቂ ሰብ ድማ፡ ኣንጻር'ዚ ዓምጣሪ ኣካይዳ፡ ንሓቅን ፍትሕን ጠጠው ክብሉ ናይ ግድን ኮይንዎም ኣሎ። ንዓና'ውን፡ ኣብ ጉዕዞ ሃገራዊ ቃልስናን ህንጸትናን፡ ማዕረ-ማዕሬና ተጎዝጒዙና ዝከታተለና ዘሎ ተጻብኦታት፡ ክመላለስን ክደናደነናን ጸኒሑ'ሎ። ከም ኣካል ውጹዕ ህዝቢ ዓለም ድማ፡ ንሰብኣዊ ክብርናን መሰልናን ክንቃለስን ክንጣበቕን፡ እጃምና ከነበርክት ብድልውነት ክንገጥም፡ ዘይሕከኽ መሰልና ኢዩ።

እዞም ሓይልታት እዚኣቶም፡ ኣብ ጉዳይ ካልኦት ሃገራት ጣልቃ ንምእታው፡ ዘኽእል ብልጫን ሓለፋን እንተተኸታቲልና፡ ብዝተፈላለየ መልክዕን ጉልባብን፡ ብመደብ በቢደረጅኡ ዝትርጎምን ዝምዕብልን፡ በቲ ዘለዎም ጸብለልትነት ርቀት ዜናዊ ስፍሓትን ዝርግሐን፡ ፕሮፓጋንዳዊ መሳለጥን፡ ኣብ ዞባውን ኣህጉራዊ ውድባት ዘለዎም ዓብላሊ ተሰማዕነት፡ ላዕለዋይ ኢድን፡ ደርማስ ፋይናንሲያዊ ሃብትን፡ መቕጻሪ ዘይብለን ዝተፈላለየ ዝሕብረን፡ ኣብ መላእ ዓለም ዝተዋፈራ "ዘይመንግስታውያን ውድባት" ዉሁድ ኣተሓሕዛን ኣተኣላልያን፡ ጥርኑፍ ምቁጽጻር ዝውንን፡ ዉዱብ ሓይሊ ኢዩ። ነዚ ንምዕምጻጽ ዝጠመተ ሸውሃትን ስትራተጂካዊ ረብሓታቱ ከረጋግጽን ክሕሉን፡ ንምትግባር ብዘይዕረፍቲ ከኣ፤ ነዛ እንነብረላ ፕላነት ናብ ዓውደ-ኲናት ተለዊጣ ትርከብ። ብሰንኪ'ዚ ዘይምሕር ፖሊሲን ኣካይዳን፡ ኣብ ዝተፈላለየ ኩርንዓት ዓለም፡ ብፍላይ ኣብ ማእከላይ ምብራቕ ኣስያን ሰሜናዊ ኣፍሪቃን ዝነድድ ዘሎ እሳት፡ ሰባት ድማ ኣብ'ዚ ዝፈልሕ ዘሎ ጋሃነም ክሳቐዩ፡ ህያው መርእያ ኮይኑ'ሎ።

ንዓና፡ ንኤርትራውያ'ውን ነዛ ብመስዋእቲ እሸሓት፡ ንበይንና ብገዛእ ትብዓትናን ቅልጽምና ዘረጋገጽናያ፡ ሰላምን ናጽነትን፡ ትማሊ-ትማሊ ንሰላሳ ዓመታት መመላእታ፡ ሓሳረ-መከራ ድከትና ክንጸግብ፡ ከም ደቂ ዛግራ ፋሕ-ጭንግራሕ ክኣትወና፡ ተዛራርዮም ክቕጥቁጥና፡ ደምና ከም ውሕጅ ክውሕዝ፡ ኣመትና ዝገበረ ኣብዘይነበረሉ ሰዓት፡ ሓንቲ ቃል ብጩቕ ዘየበሉ

መዋእል ከነሕልፍ፣ ሓገዛት ደሊና ክንጽውዕ፡ መልሲ ዘይገበሩ፣ ሎሚ፡ ነታ ሰላምና ክዘርጉ፤ ብጉልባብ “ሰብኣዊ መሰል” ክሳብ ክንድዚ ዝውጭጨን ዝግዕሩን ዘለዉ፡ ከም’ዚ ኣብ ላዕሊ ክንከታተሎ ዝጸናሕና፡ ንሓልዮትናን ንጽባቐናን ዘይኮነስ፡ ነዞም ኣብ ስደት ብሰንኪ’ቲ እከይ ተግባራቶም፡ ኣብ ፍቖዶ ኩርንዓት ዓለም ዝተበታተኑ ኤርትራውያን መንእሰያት፡ ሃገሮም ሓዲጎም ዝወጹ፡ “መንግስቲ ከም ዝበደሎም” ኣምሲልካ፡ ተዋስኦ ሰብኣዊ መሰላት ክትሰርሕ ምፍታን፡ ጸገማቶም መዝሚዝካ፡  ንዕያም ከም ተጣባቓይ ብምምሳል፡ ብኡ ኣቢልካ፡ ነቲ ቅድሚ ሕጂ ክሳውርዎ ዝጸንሑ ሽርሒታት፡ ዝያዳ ነዳዲ  ንምውሳኽ ዝካወስ ዘሎ ነገር ምድላይ ምዃኑ ንርዳእ። ብመሰረቱ፡ እዚ ተኸሲቱ ዘሎ ኣጻያፊ ኩነታት ስደተኛታት፡ ብቐንዱ ባዕላቶም ዝፈጠርዎ ጸገም፡ ንሳቶም ዝሕተትሉ ዓመጽ ኢዩ። ተሰልቢጦም ንህዝብን መንግስትን፡ ክኸሱ፡ ዝመጣጠርሉ ዘለዉ ዳግማይ ጥጃእ ወስታታት’ውን፡ ንዝቐደሙ ተመሳሳሊ ክስታት ስለ ዘይሰርሑ፡ ካልእ ተደራቢ ጸቕጢ ንምፍጣር ዝግበር ፈተነ፡ ነዚ ዝሓለፈ ናይ 5 ዓመታት ኣካይዳ ናትናን፡ ኣብ ካልኦትን ሃገራት እተፈጸሙ ንዕንወት ዘምረሐ ዝተጸባበቐ ክስታት፡ ኣጸቢቕና ክንከታተሎ ዝጸናሕና ልሙድ ጸወታ’ዩ። ኣብ መወዳእትኡ፡ እንተሰሊጥዎም ድማ፡ ሰላምናን ጸጥታናን ንምዝራግ ዝዓለመ፡ ካብ ምዃን ከምዘይሓልፍ’ውን፡ ናይ ሓደ ዘመን ውህሉል ትምህርቲ፡ ኣብ ዝባንና ዝጸሓየ ተመክሮታት፡ ከምዘሕለፍና ገና ኣይረኣይዎን ኣለዉ ማለት’ዩ!

ካብ’ዚ ንኸዶ ዘሎና ኣንፈት፡ ምህናጽ፡ ድልዱል ቁጠባውን ፖለቲካውን ማሕበራውን ባህላውን ባይታን ጉዕዞን፡ ብውሽጣዊ ዓቕሚ፡ ንረብሓን ድሌትን ሓፋሽ ህዝቢ ዘውሕስ ፖሊስን ኣካይዳን፡ ብመትከል፡ ምስ’ቲ ናታቶም ረብሓን፡ ዓይነት ስርዓት-ቁጠባን፡ ዘይሳነ ስነ-ሓሳብ፡ ዝተበገሰ ህልኽ ምዃኑ፡ ካብ ድሮ ናጽነትና ኣትሒዞም፡ ብዝተፈላለየ ፈተነታት ክንምኮሮን ክንኣልዮን ዝላደናሉ፡ ልሙድ ባህርያቶም ኢዩ። ንሕና ከም ህዝቢ፡ ነቲ ዘርብሓና ንሓድነትናን ንድሕነት ህዝብናን ህላውነትና ዘውሕስ ኣከይዳን ኣመሓድራን ከነደልድል፡ ካብ መንግድና ዝኣልየና ታህዲድን ምጒብዕባዕ ከምዘይነፍቅድ ነረግጋግጸሎም።

እዚ ኸኣ፡ ኤርትራዊ ብሉጽ ባህሊ፡ ባህሊ ዘይተምበርካኽነት፡ ባህሊ ኣቦታት ኣዴታት፡ ባህሊ ናይ’ቶም ምእንቲ ሓፋሽ ህዝቦም ዝወደቑ፡ ገና ኣብ መትከሎም ጸኒዖም ንሃገር ካብ ሓደጋ ዝከላኸሉ ዘለዉ ሓርበኛታት፡ ምዃኑ ይፍለጡ። ታሪኽ መመሊሱ እንተደንደነና፡ ንሕና ድማ፡  ንዳግማይ ንጸንዕ፡ ዓጸፋ ክንምክት ንትርንዕ፡ ስለ’ዚ ዘይሸራረፍ ሰብኣዊ ሓቐኛ መትከልና ኸኣ፡ ዝኾነ እንሕተቶ ክንከፍል ድልዋት ምህላውና ነዘኻኽሮም፡ ንርእስና ድማ ነዘኻኽራ፡ ከም ደወል ማእቶት ጌርና ንወስዶ። ክብርታትና መዋገዪ ክኸውን ስለ ዘይንዳነ፡ “ይኣክል፡ ኣሽካዕላል” ክብል፡ እዚ ስሚዒትን መንፈስን ንኹሎም ኤርትራውያን ዘተሓሳስብ፡ ዝጽውዕ መዘካኸሪ ስለ ዝኾነ፡ ብሓባር፡ ከም’ቲ ናይ ትማሊ፡ ኣንጻር ኩሉ ስጊንጥራት መኪትና ህላውነትና ላኣላውነትና፡ ከም ሰብ ከቢርናን ተሓፊርናን ክንነብር፡ ከይተጸዓድና ዝመረሽና፡ ዳግማይ ፍሕሒታ ህዝባዊ መኸተ፡ ናይ ተዳሎ ሰዓት’ዩ ዝሕብር።

## <u>ናብ ውራይ፡ መርማሪ ኮምሽን ንመለስ፡ ሽቐጥ ብጉልባብ “ሰብኣዊ መሰል”</u>

ነዚ ኣካል’ዚ፡ ኩልና ክንከታተሎ ከም ዝጸናሕና፡ ዓመት ኣቢሉ እገበር፡ ኣብ ከተማ ጀነቭ፡ ኣብ መበል 28 ጊዜ ስሩዕ ዋዕላ፡ ኮሚሽን ስደተኛታት፡ ውድብ ሕቡራት መንግስታት፡ ብዛዕባ ኣብ ኤርትራ “ኣሎ ዝበሃል” ጉዳይ “ሰብኣዊ መሰል ህዝቢ” “ከተጻርን ክትምርምርን” ተባሂላ ዝቆመት፡ ጸብጻባ ድማ ኣብ ውሽጢ ናይ ሓደ ዓመት ናይ ጊዜ ገደብ ተዋሂብዋ፡ ክትንቀሳቐስ ዝጸንሐት ኮይኑ፣ ከም’ዚ ዝተባህለ፡ ኣብ’ዚ ናይ ሎሚ ዓመት ዋዕላ፡ ንመበል 29 ዓመታዊ ስሩዕ ምትእኽኻብ’ቲ ኮሚሽን፡ ዝተዳለወ ጸብጻብ ሰነድ፡ መጀመርታ ወርሒ ሰነ፡ ብዕለት 3, 2015፡ ኣቀዲሙ ዝተበነ ኮይኑ፣ ንዝተፈላለያ ናይ ማዕከናት ዜና ድማ፡ እናተመናጠላ ክመራሳሓሉ ንዕዘብ።

እዚ ክበሃል ከሎ፡ ገና እቲ ስሩዕን ልሙድን መጋባእያ ከይተጀመረ ዝኸውን ዘሎ ናይ ጽላለ ኣካይዳ ኢዩ። እዚ መጋባእያ’ዚ ዓመታዊ ምትእኽኻብ ናይ’ቲ ቤት ምኽሪ ሰብኣዊ መሰላት ኮይኑ፡ ንፍሉይ ኩነታት ኤርትራ ኣመልኪቱ ጥራይ ዝዝቲ ዋዕላ ኣይኮነን፡፡ ኣብ ብዙሓት ሃገራት ተመሳሳሊ ሕቶ ኣለወን ዝተባህላ ዝቐንዐ ሕቶታት’ዩ ከልዕል፡፡  ምኹኑይ ይኹን ኣይኹን፡ ቅቡል ይኹን ኣይኹን፡ ብጃምላ ዓመት-ዓመት፡ ዝዝውተር ኣህላኺ፡ ካብ ጥቕሙ ጉድኣቱን ክሳራታቱን እናዛየደ ዝኸይድ ዘሎ ፖለቲካዊ መጋበርያ ናይ ብዉስልትና ዝተዘፈቓ ሓይልታት ኮይኑ፡ ካብ ዕላምኡ ወጺኡ ናብ ዘይተደልየ ኣንፈት ዝቐንዐ መሳርያ ኮይኑ ኣሎ። ኮይኑ ኸኣ፡ ኣቀዲምካ፡ ኣኼባ ከይተፈለመ፡ ንናይ ኤርትራ ጉዳይ ፈሊኻ፡ ኣብ መራኸቢ ብዙሓን ብሕማቕ ከተቃልሖ ዝተደልየ።

## <u>በቲ' ኾይኑ-በቲ፡ ብመሰረት እተዋህበቶ ተልእኾ፡ እንታይ ገበረት፡ ክንብል ግድነት'ዩ።</u>

ድሕሪ ናይ ሓደ ዓመት ምንቅስቓሳታ፡ ኣብ ውሽጢ ኤርትራ ከይኣተወት፡ ነቲ ከም ጭብጥታት ጌራ ከተቕርቦ ዝፈተነት ጸብጻባት፡ ነቲ ባይታን ኩነታትን፡ ካብ'ቲ ዝኽሰስ ዘሎ ህዝብን መሬትን ከይኣተወት፡ ከይበጽሐት፡ ብደገ-ደጊኣ፣ ካብ ፈቐዶ፡ ሃገራት ኤውሮጳ፡ ንልዕሊ 40 ዓመታት፡ ዕድሚኦም ምሉእ ዝኾብለሉ "ምህሮ ኣለዎም" ዝተባህሉ ዕሱባት፡ ኣብ ሃገር ዝካየድ ዘሎ ማሕበረ-ቑጠባዊ፡ ፖለቲካዊ ህይወት ህዝብና፡ ምዕባሌታቱን ንጥፈታቱን እንዶ ዘይብሎም፡ ብወረ-ወረ፡ ብበለካ-ለኽዓካ እንተዘይኮይኑ፡ ብቐረባ ዘይፈልጡ፡ ቀጥታዊ ተመክሮ ዘይብሎም፡ ዝጸሓፍዎ 160 ደብዳቤታት መሰረተ ዝገበረ ጸብጻብን፣ ምንጪ ሓበሬትኡን፡ በሃልቱን መሳኻኽሩን ተባሂሎም ዝተላፋለፉ ውልቀ-ሰባት መንነቶም ዘይፍለጠ፡(ዜግነቶም ኢትዮጵያውያን ሶማላውያን ሱዳናውያን ምዃኖም ዘይተጻረየ) ኣብ ጎዶብና ዘለዋ ሃገራት፡ ብዝገበርዎ መገሻታት፡(ንሓደ-ሓደ ዕሱባት ኣዋፊሮም፡ ብሓይልታት ጸጥታን ስለያን፡ ኢትዮጵያን ጅቡትን ዝተዳለወ ወረቓቕቲ)፡ ነዚ ሕንዛም ተልእኾ ዝሕግዝ ሓበሬታታት፡ ተሓናፊጹ፡ ብዝሑን ዓይነቱን ብዘየገድስ፡ ዝተለቓቐበ ወረታት'ዩ።፡ ድሕሪ'ዚ፡ ብጥንቃቐ ተቓንዩ፡ ብኪኢላታት ተኾሓሒሉን ተቓሚሙን፡ ናይ ስነ-ኣእምሮ ኪኢላታት ምኽሪ እተደመሮ ድርሰት ኮይኑ ቀሪቡ። መሰኻኽር፡ "ግዳያት ሰብኣዊ ግህሰት" ተባሂሎም ዝተጸውዑ ሰባት፡ ካበይ ከም ዝመጹ ኣይተጠቕሰን፡፡ ናይ 550 ሰባት ኑዛዘ፡ ኣብ 484 ገጻት ዝሰፈረ ጽንጽዋያት፡ ኣብ "ዉሽጢ ሓጺር እዋን ብዉሱን ባጀት" (ባዕሉ እቲ ኮሚሽን ዝበሎ ቃል) ብካሜራ ዝተላዕለ ኣሳእል፡ ስለ ዘይረኸቡ፡ ብኢድ ዝተሓናጠጠ ምስሊ ዝተጠንጠሉ ሰባት፡ ምስ ዝርዝራቱ ከም ጸብጻባት ስርሓት ወይ ዘካየዶ መርመራታት፡ እልቢ ዘይብሉ ዃንዃ ዝትሕዝትኡ ጽሑፍ፡ ንሃገርናን ኩነታትናን፡ ናብ ሓደጋ ከውቅድ፡ ኮነ ኢልካ ዝተማህዘ ልቢ-ወልዳዊ ሰነድ'ዩ።

ብኸም'ዚ ዓይነት ኣገባብ፡ ኣብ ውሽጢ ሃገር ከይኣተኻ፡ ብደገ-ደገ ዝተገፈጡ መትሓዚ ዘይብሎም፡ ልቢ-ወለዳዊ ጽውጽዋያት፡ መበገሲ ጌሮም፡ ኣብ ልዕሊ ሓደ ክቡርን ሚዛኑ ሓልዩ ዝኸይድ ውርዙይ መንግስቲ፡ ክስታት ክትምስርት፡ ጸለመታት ከተራብሕ ምፍታን፡ ዕላማ መርማሪት ኮምሽን፡ ተልእኾኣ፡ ናብ ምንታይ ንምብጻሕ ዝሕብር፡ ካብ'ዚ ጀሚርና ክንርእዮ ኢና። ነቶም ብዘይኣገባብ ክምርምሩና ከነኣኡሱና ዝወራዘዩ ዘለዉ ኣካላት ድማ፡ ናይ ገዛእ ርእስና ምክትታልን ምርምርን ከንካይድ ንግደድ።

ንፈተውቲ ሓቂን፡ ነቶም ብቕንዕና ብዛዕባ፡ ሰብኣዊ መሰል ዝግደሱን ዝሕለቑን፡ ኣህዛብን ሃገራትን ድማ፡ እቲ ሓቀኛ ምስሊ፡ ኤርትራን ህዝባን መንግስታን፡ ብዝግባእ ከነፋልጥን ክንከላኸለሉን፡ ንድየትን ውሽጣዊ ጽሬት'ዚ ኮምሽን ክሳብ ክንደይ ዉዱቕን ሕሱርን ምዃኑ፡ ክነቃልዕ ኣስተብህሎና ነሐይል።

## <u>እዚ ቀቢጸ ተስፋዊ ዝኾነ ፈንጠርጠራት፡ ስለምንታይ'ዩ ዝደጋገም?</u>

ኣብ'ዚ ዝሓለፍናዮ ፍሉይ መድርኽ ንጥፈታት መኸተ፡ ኣብ ውሽጥን ወጻእን፡ ብህዝብን መንግስትን ዝተኻየዱ ጥምጥማት፡ ነቲ፡ ኣብ ልዕሌና ከም ማዕበል እናተታኻኽአ ክኸይድ ዝጸንሐ ጎስጓሳት ጸለመ፡ ፕሮፓጋንዳዊ መናፍሕ፡ ኣብ'ዚ ዘለናዮ እዋን፡ ሚዛን፡ ሓይሊ ሓቅን ሓሶትን፡ ኣብ ምልውዋጥ መድርኽ፡ ኤርትራዊ ሓቅነት ክብደቱ ክውስኽ፡ በቲ ሓደ መንጽር ድማ ሚዛን ሓሶትን ምድንጋርን ክቅህም፡ ኣብ ዝንጸባረቑሉ መድርኽ ክንኣቱ ምጽናሕና፡ ነዚ ጽቡቕ ገስጋስ ንምዃላፍ፡ እዛ እንዛረበላ ዘለና "መርማሪትን መጻረይትን ኮሚሽን" ብተዛማዲ፡ ኣብ'ዛ ዝሓለፈት ዓመት፡ ነዚ ዘሕንኽ ማእለማታት ከተቃላጥፍን ምጉያያ ናይ ኣጋጣሚ ኣይነበረን። ጉዳይ ሰብኣዊ መሰል ኤርትራውያን ዓጢጥዋ ኣይኮነን። ተልእኾኣ ነዚ ጥዕይ ኣየር ንዝራግ ኢዩ ኔሩ። መለቅብታ ዕድመ ናይ'ዚ ክውሕዝ ዝጸንሐ ጎስጓሳትን ምንቅስቓሳትን ዝሕግዝ ምህዞ ሒዛ ድማ ናብ'ቲ ክጋባእ ዝሕሰብ ዘሎ ኣኼባ፡ ዳምዳም። ብዘለዋ ክእለት፡ ነቲ ዘቐማን ዝለኣኻን ኣካል ዘይኮነስ፡ ነቶም ቀንዲ መሃዝትን ዘወርትን ናይቲ ስትራተጂ፡ ሓይልታት እከይ፡ ቅድሚ ሕጂ ብዝተፈላለየ ሜላታት ፈቲኖም ስለ ዘይተዓወትሉ፡ (በቲ ናይ እገዳ ውሳነ መሰረ ቍጽሪ 1907፡ ናይ 2009 ዝቕመ ተጻናጻኒ ኮሚቴ) ናቱ መለቀብታ፡ ብኻልእ መልክዕ ነገራት ከጋፍሑ፡ ባይታ ንምጥጣሕ ዝሕግዝን ክስታትን ሓበሪታትን፡ ነቶም ክጸልዉን ክጽለዉን ዝድለዩ ዘለዉ፡ ኣብ ልፍንቲ ናይ'ዚ እከይ ሕቡእ ኣጀንዳ ዝዕደሙ ወገናት ድማ፡ ዝሓሸ ኣጠዓዕሚ ባይታ ምፍጣር፡ ካብ'ቲ ናይ ቅድሚ ሕጂ ዘተኣማምን፡ ብህርፋን ዝተገፈጠ፡ ሰነድዩ ከም ዝዳሎ ተጌሩ ዘሎ። ነቲ ኣብ ልዕሊ ህዝብን መንግስትን ኤርትራን ክምዕብል ዝጸንሐ፡ ጽቡቕ ስእሊ ድማ ከህስስ፡ ዝመበገሲኡ ጥሙሕ ትምክሕቲ።

እዚ ክበሃል እንከሎ፡ ተገሪህና፡ ብኣጉል እምነት፡ ጥዕና ዘለዎ ጸብጻብ ከተቕርብ'ውን፡ ትጽቢት ኣይነበረናን። እንታይ'ድኣ፡ እቲ "ዋላ ትንፈር፡ ጠል'ያ" ዝዓይነቱ፡ ዝኾነ ፈጠራታት ኣቕሪብካ፡ ዕላማኻ ምውቓዕ ዝዓየንቱ፡ ተራእዩን ተሰሚዑን ዘይፈልጥ ኣቀራርባ፡ "ኣመሎም'ዩ" ክይበልና፡ ብዝለዓለ ኣተኩሮ፡ ንምዝኽኻር'ዩ፡ ዘዛርበና ዘሎ።

እቲ ሰነድ፡ ብኽልተ መልክዕ'ዩ ተዳልዩ ተቐሪቡ ዘሎ። ብጀካ'ቲ ሓጺር ጽማቕ ክፋል ሰነድ ናይ 28 ገጻት፡ እቲ ዝኸፍአ ግዕዘይ-ምዕዘይ ሓቕፉ ዘሎ ሰነድ 484 ገጻት ዘለዎ ዝዓበየ ኣካል'ዩ። እቲ መእሰርን መቕጸርን ዘይብሉ ዝርዝራት፡ ናይ ዝተፈላለዩ ወገናትን፡ ባእታታትን፡ እቶም ተበዲሎም  ንምስክርነት ቀሪቦም ዝተባህሉ ሰባት፡(መንነቶም ዘየትጻረየ) ቃለ-ንዛዜ ዘጠቃለለ፡ እቲ ኣብ ቅድሚ ተጋባእቲ ዝንበብን፡ ንመራኸቢ ዝዝርጋሕን ከኣ፡ ተጸባቢቑ ዝቐረበ፡ እቲ ቀዳማይ ክፋል ሰንድ ይኸውን። ብቐሊሉ ዝንበብ። እቲ ኻልኣይ ሰፊሕን ኣድካምን ዝርዝራት ስለ ዝሓዘ፡ ጊዜ ወሲዱ ልቢ ጌሩ ዘንብቦ ሰብ የብሉን። እቶም ተጋባእቲ፡ ሚእትን ሽሕን ተመሳሳሊ ጸብጻባት ከምብቡ ዕድል ስለ ዘይረኽቡ። ብዘይቅኑዕ መረዳእታን ሓበሬታን፡ ውሳኔታት ክውሰድ ዝደፋፍእ ሓደገኛ ኣቀራርባ ኢዩ። እምበር፡ እቶም ጊዜ ወሲዶም ዝመራመርሉ ኣካላት፡ ነቲ ቅጥፈታት፡ ብቐሊሉ ንኽምርምርዎ ዕድል ዝህብ ኣይኮነን። ብዛዕባ ሓደ ምሉእ ህዝቢ፡ መጻኢ ዕድልን ህይወትን ዝምልከት ውሳነ ከተሕልፍ ከኣ፡ ብኸም'ዚ ዓይነት ሸለልትነት፡ ብዕድሉ ምጽዋት ካብ ምዃን ሓሊፉ፡ ካልእ ትርጉም የብሉን።

## <u>ትርጉም ዘይብሉ፡ ምዕዝምዛማት ኮምሽን፡</u>

ምናልባት፡ ንሓደ ወጻእተኛ፡ ነቲ ዘሰንብድ ጽማቕ ናይ'ቲ ሰነድ ኣምቢቡ፣ ስለምንታይ'ዩ መንግስቲ ኤርትራ፡ ዘስግኦ ነገር ተዘይህልዎ፡ ነዛ "ኮምሽን" ንውሽጢ ሃገር፡ ክትኣቱ ዘየፍቕድ፡ "መርማሪ ኮምሽን" ድማ ስርሑ ኣሳሊጡ፡ ነገራት ኣጻርዩ ምተመልሰ፡ ክብል ግድነት'ዩ። ናይ የዋሃት ሕቶ። እቲ ንመንግስትን ህዝብን ኤርትራ፡ ነዚ ዓይነት ኣተሓሕዛን መንገድን ክቕጽል ዘገደዶ ቀንዲ ምኽንያታት ምርእይ ከድሊ ኢዩ። ኣብ ሕጋዊ ሽነኻቱ ምዝራብ፡ ኣብ ግምት ክኣቱ ዘለዎ ነጥቢ ኸኣ፡ ናይ'ዞም ኣካላት እዚኣቶም ጠባያት ኢዩ ዝድርተና፡ (ውዱብ ሕቡራት መንግስታት)ናይ ቅድሚ ሕጂ ዝፈጸምዎ ጥልመት፡ ሕጂ ዓባቢጦም ሒዘምዎ ዘለዉ ውዙፍ ዘይተዓጽወ ጉዳት፡ ኣድልዎ፡ ብፍላይ ከኣ፡ ኣብ'ዚ ናይ ቀረባ፡ ዕስራ ዓመታት ዘጥረናዮ ናይ ስራሕ ኣካይዳን ተመክሮን ትምህርትን ምፍታሽ፡ ኣብ ግምት ኣእቲኻ ክረአ ዘለዎ ኢዩ። ኮይኑ ኸኣ፡-

1ይ- ሕቶ ሕጋውነትን ገደብ ተልእኾን ናይ'ዚ ዝበሃል ዘሎ ኮሚሽን፡ ኣብ ዉሽጢ መሬት ኤርትራ ኣትዩ፡ ነገራት ከጻርን ከየጻርን ዝብል ነጥቢ ቅድሚ ምብጋሶም፡ ንኣድላይነቱ ብመጀመርያ ሓባራዊ ኣራኣእያ ከስራዕ ኔርዎ። ኸም'ዚ ዓይነት ተልእኾ ንምፍጻም፡ ብመሰረት ሕግታትን ኣገባባትን ናይ'ቲ ውድብ፣  ኤርትራ፡ ብኽብሪ፡ ከም ኣባል መጠን ብቕንዕና ክትሕተት ኔርዋ። ኣገዳስነትን ምቛምን ዘይምቛምን ኮምሽንን ዕማማቱን፡ ኣፈጻጽምኡን፡ ተላዒሉ ናይ ሓባር ምውሕሓጥ ክመጽእ ኔርዎ። ካብ'ዚ ኩነታትን ኣገባባትን ተበጊስካ ኢዩ ክርኣ ዝግብኦ ኢና ንዛረብ ዘለና። ካብ መፈለምትኡ። ብድፈኢትን ድሌትን ናይ ገለ ወገናት፡ ንስራተጂካዊ ረብሕኦም ነገራት ከሳውሩ ዝሃንደስዎ ሽርሒ ምንባሩ'ዩ ኸኣ፡ ዝእምተልካ። ኣብ ከም'ዚ ኩነታት፡ ንሕና ንላኣላዊ ክብርና ኣብ ዋጋ-ዕዳጋ ኣየንእቱን። ብኸም'ዚ ዓይነት መንፈስ ዝተበገሰት ጉጅለ ወይ ኮምሽን፡ ኣብ መሬትና ኣትዩ ክጎራጉር፡ ነዚ ዘየለ ምትሃታዊ ጽላለ፡ ምርምራትን ምጽራያትን ክገብር፡ እሞ ኸኣ ጥዕና ዘለዎ ጸብጻባት ሒዙ ክምለስ፡ ምሕሳብ ከኣ፡ ንርእሱ ዘይትግበር ሕልሚ ኢዩ። (ከይሓመምካ መጥባሕቲ ዝእዝዘልካ ዶክቶር ምዕዳም) ብናይ ሓባር ድሌትን ምስምማዕን፡ ብሕግን ስርዓትን ምስ ዝቐውም ኔሩ፡ ድሕሪኡ፡ መንግስቲ ኤርትራ ውዕል፡ ኣፍሪሱ ኔሩ እንተዝኸውን ከኣ'ዩ፡ እቲ ሕቶ ክነቅል ተቐባልነት ዝህልዎ። መንግስቲ ኤርትራ መብጽዓ ኣይሃበን፡ ቃሉ ኣይዓጸፈን። ዕቱብ መንግስቲ ምዃኑ ስለ ዝፈልጡ፡ ኸኣ'ዮም ኣብ ከም'ዚ ዓይነት ኣብ'ዘይቅኑዕ መንገዲ ከላግሱ ዝመረጹ። ብኣብያ ክኸሱ ድማ ህርድግ ምባሎም፡ ትርጉም የብሉን።

2ይ-  ዋላ በዚ፡ ብሕጋዊ መንገዲ፡ ብናይ ሓባር ምስምማዕ፡ ቆይሙ እንተዝነብር እውን፡ ብቕንዕና ኣብ ዘመልከቶም ጉዳይ ጥራይ፡ ዘድልዮም ነገራት ኣጻርዮም ምተመልሱ፡ ዝብል ሕቶ እውን ክልዓል ግቡእ ኢዩ። ከመይሲ፡ ቅድሚ ሕጂ፡ ንጉዳይ ዓቃብ ሰላም ዝምልከት ውዕላት ጌርና፡ ኣብ'ቲ ዝተባህሎም ዓመታት፡ ዝተሰማማዕናሉ መቐየዲታትን፡ ናይ ጊዜ መቓን ረጢቡ ተልእኾኡ ወዲኡ ድዩ? ኣብ ዘየድልዮ ስርሓት ጠብሎቕሎቓት፡ ካብ ዝተመደበሉ ስርሓት ወጻኢ ብምእታው፡ ነዚ ሓጂ ዘስፋሕፍሕ ዘሎ፡ ለበዳ ሕማም፡ ዘርኢ ፍልሰት ዘተኣታተወ፡ ንግድን መንገድታት ዝኸፈተ ኣካል ምንባሩ፡ ምዓስ ዘንጊዕናዮ። ኣብ መወዳእታ ድማ ተልእኹ ብግቡእ ከይዛዘመ፡ ንዝተዋህቦ ዕማማት ከየተግበረ ከም ዝወጸ፡ ገና ናይ ትማሊ ተዘክሮታት ኢዩ።

3ይ- ድሕሪ ውዕል ኣልጀርስ፡ ነቲ ብኮምሽ ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ዝተበጽሐ፡ ቀያድን ናይ መወድእታን ስምምዓት፡ ከም ኣውሓስቲ መጠን፡ ኣብ መዓልቦ ኣየብጽሑን፡ ዝኣተውዎ መብጽዓን ግዴታን ሓላፍነትን፡ ከየተግበሩን ምስምሳት እናፈጠሩ፡ ንድሌታት'ቲ ዓማጺ ስርዓት ኣዲስ ኣበባ ከረሳርሱ፡ ነቲ ብይን ቀቢሮም ስለ ዝዓምጽጽዎ'ዶ ኣይኮነን፡ ነዚ ሕጂ እንሓልፎ ዘሎና ሃዋህው፡ ናይ ኣይሰላም ኣይኲናት ጠንቂ ኮይኑ ዘሎ? በቲ ውዕል ዝጠቕሶ መሰረት ክኹንኑ እናተገብአ ድማ፡ ኣዒንቶም ዓሚቶም እንተዘይ ተዓዚቦም፣ ንሕና ባዕላትና፡ ነቲ ተንኮላቶም ንኸይንዕዘብ እንታይ ይእገመና። ብሰንኺ'ዚ ዘይቅኑዕን ሻራዊ ኣካይዳን ኣመልን፡ ብቐጻሊ ብድሌቶም ክንከላበት፡ ኑብስና ኣሕሊፍና ክንህብ፡ ከመይ ኢልካ ተኣማሚንካ ማዕጾኻ፡ ንኣዛብእ ትኸፍት? እንታይ ዋሕስ ኣሎና?

4ይ- ቤት ምኽሪ ጸጥታ፡ ውድብ ሕቡራት፡ ነቲ ብምምሕዳር ኣመሪካ ዝተማህዘ፡ ጭብጥን መርትዖን ዘይተረኽቦ ክሲ፡ መበገሲ ጌሩ ዝፈጸሞ በደል፡ ንህዝብን ሃገርን ኣብ ቀጻሊ ስቓይን ቃንዛን ክንሰሓል ዝገበረ ውሳነ ዘአንገደ፡ ዘይቅንዑነት ናይ'ቲ ልሙስ ውሳነ፡ ምስ ተኸሸሐ'ውን እንተኾነ፡ ብተደጋጋሚ ክለዓል ዝቐረበሉ ሕቶታትን ተቓውሞን፡ ነጺጉዎ ኣሎ። ነቲ ብፈጠራ ዝጸደቐ ውሳነ፡ ዓለም ምሉእ ዝዛረበሉ ሓቂ እናሃለወ፡ ንዝገበሮ በደላት፡ ከይኣረመ፡ ሕጂ፡ ከመይ ኣቢልካ፡ ምስ'ዚ ርጡብን ቀዋሚ መርገጺ ዘይብሉ ትካል፡ ኣብ ካልእ መደባት ወይ ተልእኾታት ትጸምድ? ዘዝጀመሮ ስርሓት ከየጻፈፍ፡ ዘዝተሰማምዓሉ ውዕላት፡ ባዕሉ እናረገጸ፡ ኣብ ዘይትግበሩ ውዕላት ምእታው፡ እንታይ ቁምነገር ኣለዎ? ክለተ-ሰለስተ ጊዜ ክንውቃዕን ክንዕመጽን ማዕጾና ኣይነርሑን፡ ምባል ጌጋ ኣይኮነን። በየናይ ሞራላዊ መለክዒ፡ ይዕበ ይንኣስ፡ ኣብ ቅድሚ ሕጊ፡ ኩሎም ኣህዛብን ሃገራትን ማዕረ እንተድኣ ኾይኖም፡ ብማዕረ ድማ ክንዳነ ይግባእ፡ በሃልቲ ኢና።

5ይ- እዞም ክልተ ላዕለዎት ነጥብታት፡ (3ይን- 4ይን) ንህዝብን መንግስትን ኤርትራ ከምበርክኹ፡ ዝተወጠኑ ፈተነታት ከምዝነበሩ፡ እንተደኣበሪሁ፣ እዚ ሕጂ ኣብ'ዚ ዳሕረዋይ ጊዜ ዘበገስዎ፡ ምስምስ፡ ሕቶ "ሰብኣዊ መሰል" እምበኣር፡ በተን ኣብ ላዕሊ ዝተናኸፍናየን ስጉምትታት፡ ናብ'ቲ ዝደለይዎ ናይ ምንብርካኽ ባይታ ስለ ዘይወደቕና፡ ዝተረረ መቐየድን መሳቐይን፡ ስጉም'ቲ ከውስድ፡ ዝሕግዞም ሽርሕታት'ዮም ቀይሶም። ብኻልእ ጥበብ፡ ኣብ ቀጻልን ነዊሕን ፖለቲካዊ ታኼላ ተዋሒጥና ክንጠፍእ። እዚ ሕጂ ቆይሙ ኣሎ፡ ዝበሃል "ሃዋርያ ኮሚሽን" ብስመ "ሰብኣዊ መሰል" ጉልባብ ተጸባቢቑ፡ ሓዲሽ ፈውሲ ኣስኒቕም፡ ዘበገስዎ መተካእታ ዝሞተ ውሳነ እገዳን ኢዩ። ንልዕሊ 17 ዓመታት፡ ሓደ ድሕሪ'ቲ ኻልእ ብተኸታታሊ ክቕጽል ዝጸንሐ ናይ ተንኮልን ተጻብኦን መንፈስ ዘበገሶ ስለ ዝኾነ ኸኣ፡ ኣብ ኤርትራ ዘየለ ነገር፡ ካብ ባዕላዊ ድሌት ዝነቀለ፡ ናይ ዕንክሊል ጸወታ፡ መሳሰይቲ ክንከውን፡ ጊዜ የብልናን። "ጠጠው በለለይ ክብለጸልካ" ብዋጋ መን፡ ንረብሓ መን?

6ይ- ካብ'ዚ ኣብ ላዕሊ ክንጠቕሶ ዝጸናሕና ነጥብታት፡ እቲ ዝኸፍአ መልክዕን ኣተሓሕዛን ኣቀራርባን ኣካይዳን'ዚ ኣካል፡ ግቡእ ምጽራያትን መጽናዕትታትን ሓበሬታትን ከይኣከበ፡ ተሃንዲዱ ኣንጻር መንግስትን ህዝብን ኤርትራ፡ ብኸሲ ምግሃስ ሰብኣዊ መሰላት፡ ቅድሚ ክልተ ሰለስተ ዓመታት እገብር ጀሚርዎ። ማለት ውሳነ እገዳ ዕርቃኑ እናወጸ ምስ ከደ። ኣብ'ዚ ክልተ ዓመታት ድማ፡ "ድሕሪ ማይ ኣብ በዓቲ" ብዝዓይነቱ ኣገባብ ኣካይዳ ከንሸራትት ተዓዚብና። እቲ ኣቐዲሙ ክኸውን ዝግብኦ ዝነበረ ጉዳይ ምጽራይ፡ ንድሕሪት፡ እቲ ድሒሩ ነገራት ምስ ኣጻረኻን ኣጻፈፍካን ክመጽእ ዝነበሮ ሕቶ ናይ ክሲ ድማ ኣቐዲሙ መጺኡ። እዚ ኸኣ ነቲ ከም ቅዲን ባህልን ኮይኑ ክስራሓሉ ዝጸንሐ ሓደገኛ ኣካይዳን መንገድን ኣጸቢቑ እሕብር። ነቲ ከነቕርቦ ዝጸናሕና ምጉትናን ክትዓትና ድማ ቅንዕነቱ የረጋግጾ።

## <u>ስለዚ፡ እዛ ኮሚሽን፡ ኣብ ኤርትራ ብኣካል ከይኣተወት፡ ነቲ ኣብ ኤርትራ ዘሎ ሰብኣዊ ኩነታት፡ ኣጻርያ፡ መርሚራ፡ ኢላ ክትካታዕ፡ ሕጋዊ ኮነ ሞራላዊ ባይታ የብላን፡</u>

እዞም ክጥቀሱ ዝጸንሑ፡ ርኡያትን ንጹራትን ነጥብታትን ተመክሮታትን፡ እዛ ብዘይ ድሌትና ዝተበገሰት ኣካል፡ ኣብ ኤርትራ ኣትያ፡ ዘየድልያ ተልእኾ ክትፍጽም ኣይተፈቕደላን። ስለ ዝኾነ፡ ነቲ ንሳ ዝወሰደቶ ስጉምትን፡ ነቲ ንድሌት(እቶም ገበቲ ሓይላታት) ለኣኽታ፡ ከርዊ ኢላ እተጠቕመትሉ ኣገባባት፡ ምጽራይን ምምርማርን መስርሕ፡ ሃገራት ንምስክርነት ኮነ ንርእይቶ ዝተሓቱ ኣካላት ወዘተ..ሓቅነት ክህልዎ ኢልካ ክትግምት፡ ይትረፍ፡ በቲ ዘቕረቦ መጣቕሲ ዘለፋታት፡ ኣጸላሚ ክስታት፡ መሰልን ክብረትን ህዝብን መንግስትን ዝድውን ጸብጻባት፡ ተገልቢጡ ብሕጊ ዘሕትታ ገበን ኮይኑ፡ ኣብ ፍርዲ ዘቕርባ በደል ኢዩ። ብተወሳኺ፡ ሓቂ ክትረክብ፡ ኣብ'ቲ ሓቂ ዝርከቦ ቦታን ስፍራን፡ ምስ ዝምልከቶም ኣካላት፡ ብንጹር፡ ብዘይሕብእብእ ተሳማሚዕካ ምስ ዝስራሕን፡ ምስ ዘጻፍፍን ጥራይ'ዩ፡ ወግዓውነት ዝህልዎ። ኣብ ንቡር ኩነታት። መንቀሊኡ

ሓልዮት፡ ሰብኣዊ መበገሲ ስለ ዘይይነበሮ ድማ፡ እቲ ናይ 550 ቃለ ምስክርነት ናይ’ቶም ተበዲሎም ተባሂሎም ዝተላፋለፉ፡ ሰነዳቶም ብምስጢር፡ (እቲ ሕካያትታት) ኣብ ኣርካይቭ፡ ውዱብ ሕቡራት መንግስታት ቤት ጽሕፈት፡ ኣብ “ጽኑዕ ካዝና”፡ ዝኾነ ይኹን ኣካል ከይርእዮን ንመወከሲ ክፉት ከምዘይኮነ፡ ብፍላይ ከኣ ንሰበስልጣን መንግስቲ ኤርትራ፡ ከይረኽብዎ ተባሂሉ ተዓሺጉ ኣሎ። ተወሳኺ መተሓሳሰቢ፡ ኣብ’ቲ ጸብጻብ ተመልኪቱ ኣሎ። ነዚ ዓይነት ምሕጽንታ ጸቒጣ ዘስመረትሉ ድማ፡  ንዘይቅንዑነት ጸብጻባታ ዝያዳ የልምሶ። ንግልጽነቱን ተሓትትነቱን ብሩኡይ ዝኽሽሕ ይኸውን።

D. **Archiving and record-keeping of testimony**

22. *In accordance with established United Nations procedures, all information collected by the commission is stored in the official United Nations archive system and all interviews are classified as strictly confidential. Information will not be shared with any State, entity or individual without the explicit and informed consent of each witness concerned. This includes sharing with other sections of OHCHR, United Nations human rights mechanisms, any international judicial mechanisms, any judicial mechanisms of other States, and any government authorities, in particular the Government of Eritrea.*

ከምይሲ! ነዞም ከም መሰካኸር “ተበዲሎም” ዝበሃሉ ሰባት፡ መን’ዮም? ብርግጽ ኤርትራውያን ምዃኖምን ዘይምዃኖምን፡ ብኸመይ ይጻረ? ከይተጻረየ፡ ኣብኡ እንከሎ ብድፍኑ፡ ንህዝቢ ዓለም ከተእምን ከ፡ ይከኣል’ዶ? ምኽንያቱ፡ ኣብ’ዚ ቀረባ እዋን ብዙሓት ኣካላት ክዛረብሉ ዝጸንሑ፡ ሓደ ዝተረጋገጸ ሓቂ ኣሎ። ንሱ ኸኣ፡ ዝበዝሑ ስደተኛታት ንኤውሮጳ ዝኣተዉ፡ “እንተድኣ፡ ኤርትራዊ ኢየ ኢልካ ፖለቲካዊ ዑቕባ ሓቲትካ፡ ብዝቐልጠፈን፡ ብዘይጸገም ጉዳይካ ክሳለጠልካ” ኢዩ፡ ተባሂሉ ሰል ዝተነግሮምን፡ ሓደ-ሓደ ሃገራት’ውን፡ ብእዉጅ መንገዲ ዝተዛረባሉን፡ ኮነ ኢለን ዝፈነውኦ ሓበሬታት ስለ ዘሎ፡(መሃዝቱ ባዕላቶም) እዞም ካብ ዝተፈላለየ ሃገራት ዝውሕዙ ዘለዉ ኣፍሪቃውያን ድማ፡ ከም መኸሰብ ተወሲዱ፡ ነቲ ክባዛሕ ዝደል ዘሎ ቁጽርታት “ኤርትራውያን” ሓጋዚ መንገዲ ጸሪጉ። ኣብ ከም’ዚ ዓይነት ዝተደናገረ ኩነታት፡ እዛ ኮሚሽን ኮሚራቶ ዘላ ገፈጥ-መፈጥ ሓበሬታ ካብ’ዚ ዓይነት ዘይብቑዕ ኣተገባብራ፡ ሓራ ክኸውን ኢዩ ኢልካ ክትግምት፡ ዝካኣል ኣይኮነን። ድቕቱ ድማ ኣብ’ዚ ይጅምር።



ህዝባዊ ግንባር፡ ጥዑይ ሰብ  ይፈጥር ፡ ንዜጋታቱ ክብድል፡ ኢልካ ምሕሳብ፡ ናይ ሓንጎል፡ ሕማም ዘለዎ ሰብ ጥራይ’ዩ።

እዛ ስእሊ፡ ሓንቲ ካብ’ዚ ናይ ሎሚ ዓመት ምርቕቲ ተማሃሪት፡ ኮለጅ፡ ማሪን ባየሎጂ፡ ኢያ።፡

ህዝብን መንግስትን ኤርትራ፡ ከሰስቶም በዓል መን ምዃኖም ብትኽክል ክፈልጡ ይግባእ፡ እንተድኣ ወያነን መንግስቲ ጅቡትን ኮይኖም ከኣ፡ ኮምሽን ተጣባቒት ናይዞም ኣካላት ኮይና’ላ ማለትዩ። ኤርትራውያን ዜጋታት እዮም ዝበሃል እንተኾይኑ ድማ፡ ንሕና ጥራይ ኢና፡ መን፡ ወዲ መን፡ ምዃኑ ብትውልዲ ዓዱ ኣጻሪና ንነግር። ብንጹር ክፍለጥ ከኣ ኣለዎ ሕጋዊ ጉዳይ’ዩ። እታ ኮምሽን፡ ከተቕርቦ እትፍትን ምስምስ፡ መንነቶም እንተድኣ ተፈሊጡ! “በቲ መንግስቲ፡ ስድራ-ቤቶም፡ ከይብደሉ” ዝብል ናይ ውስልትና ኣቀራርባን ምኽንያትን ኣሎ። መንግስቲ ኤርትራ፡ ንዜጋታቱ፡ ነቶም ብናይ ምዕራባውያን ሃገራት ፕሮፓጋንዳዊ ብከላ ተደናጊሮም፡ ካብ ጥዑይ መነባብሮን፡ መኣዲ ትምህርትን ፍልጠትን፡ ሞያን ስራሕን ዘርሞዞርሞ ዝበኾሩ፡ ንግዳዊ ትካላቶም ዓጽዮም ዝኾብለሉ፡ ተታሊሎም ምዉቕ ናብርኦም ብድሕሪኦም ራሕሪሖም፡ ኣደዳ ስደትን ሞትን ዝኾኑ ዜጋታት፡ ብዝከኣሎ መጠን ምስ ብዙሓት ወገናት እናተመያየጠ ንምዕጋቱ ክቃለሰሉ ጸኒሑ ኣሎ። ይኹን እምበር ነቶም ኣብ’ዚ መፈንጠርያ ዝወደቑ ግዳያት፡ ንዝተጋገዩ ዝሰሓቱን፡ ኣብ ዘለውዎ ስፍራታት ህይወቶም ናብ ዝሓሸ ንምምላስ፡ ተዓጻጺፉ ዘውጽኦ፡ ናባዩ መምርሒ ኣሎ። ተመሊሶም ሃገሮም ክበጽሑ፡ ስድርኦም ክርእዩ። ኣብ ዘለውዎ ሃገራት ክመሃሩ ብድሲፕሊን ክሰርሑ፡ በቲ ዘዕበዮም ጭዋ ባህሊ ክመላለሱ፡ ስሞምን ስም ሃገሮምን ብጽቡቕ ከጸውዑ፡ ይመክርን

ይሕብሕብን። ብዙሓት ድማ ካብ’ዚ ሓልዮታዊ ኣተሓሕዛ ዝረብሑ፡ ኣብ ኩሉ ኩርናዓት ዓለም ዘለዉ ቤት ጽሕፈት ኤምባሲታት ዝውሕዙ፡ ሓገዝ ዝሓቱ ዜጋታት ኸኣ ኣለዉ። እንተኾነ ነዚ ጥዑይ መደብ’ዚ ኮነ ኢልካ ክብረዝ፡ ብኣሉታ ክግለጽ ዝተደልየሉ ምኽናያት ግን፡ እቲ፡ ነዚ መንእሰይ’ዚ በቲ ዝቐሰሞ ፍልጠት፡ ስልጥንቲ ሃገር ከይሃንጽ፡ ነቲ ኣፍራዪ ዓቕሚ፡ ሃጓፍ ንምፍጣር፡ ብቑጠባ ከትዳኽም፡ ህዝቢ መረረ ከበጋግስ፡ ኣንጻር መንግስቱ ክስለፍ፡ በቲ ኻልእ መዳይ ድማ፡ እንተኾነሎም፡ ኤርትራውያን ካብ ሃገሮም ናብ ክፍሊ ግዝኣት ኢትዮጵያ፡ ትግራይ ኣኻኺብካ፡ ወታሃደራዊ ስልጠናታት ሂብካ፡ ናብ ውሽጢ ሃገር እናኣተዉ፡ ኣንጻር ህዝቦም ክታኾሱ፡ ዝነበረ ሕልምን መደብን ስለ ዘይሰርሐ፡ (ነዚ ኣብ ካልኦት ሃገራት ዝጥቀምሉ ሜላ) ናይ ባህ ኣይበሎ፡ ነቲ መንግስቲ ኤርትራ ዝተኸተሎ ሃናጺ ፍታሕ፡ ንዜጋታቱ ንምሕጋዝ ዝወሰዶ ስጉምቲ፡ በዛ ኮሚሽን ኣቢላክ ከተናኣእሶን ከትቃወሞን ምጥባብ፡ እቲ ሕቡእ ኣጀንዳ ተጻባእትና ክሳብ ክንደይ ዕርቃኑ ምውጽኡ፡ ጥራይ ኢና ንመሃር። ስለምንታይ እዛ ጉጅለ፡ ከም’ታ ኣቐዲማ ዝቐመት ተጻናጻኒት ጉጅለ (ሞኒትሪን) ኣብ ዘየድልያ ጉዳያት፡ ጦብሎቕሎቕ ትብል ስለ ዘላ። ነቲ ባህርን መበገስን ተንኮለኛ ተልእኾታታት ድማ ዝያዳ ተወሳኺ ድምቀት ይህቦ።

<u>እዚ፡ ብኮምሽን ተዳልዩ ቀሪቡ ዘሎ ሰነድ፡ (ድሓን፡ ሰንድ ንበሎ) ኣብ ውሽጡ ሰፊሩ ዘሎ መጣቐሲ ነጥብታት፡ ንነፍሲ ወከፍ ኣርእስቲ፡ ኣልዒልካ፡ ርእይቶ መልሲ ክትህበሉ፡ ጊዜ ዝበልዕ፡ ንባዕሉ’ቲ ኮሚሽን ሓደ ዓመት ዝወሰደሉ ስራሕ፡ ብዙሓት ኪኢላታት ዝተዋፈርሉ (ናይ 484 ገጻት) ጽሑፍ’ዩ።</u>

ኣብ’ቲ ኣዝዩ ዝተጋነነ፡ ደጋጊሞም ጸቒጦም፡ ንህዝብን ሃገርን የነውር’ዩ ዝበልዎ፡ ነጥብታት፡ ሕቶ ደቂ ኣንስትዮ ጾታዊ ዝምድናታትን፡ ሃገራዊ ኣገልግሎትን፡ ሕቶ ምምቕራሕ መሬት፡ ኣብ ውሽጢ ሃገር ካብን ናብን ብነጻ ናይ ምምልላስን ምጉዓዝን፡ ጉዳይ ምትርጓም ቅዋምን ቅዋማዊ መንግስትን፡ ትካላት መንግስቲ፡ ወዘተ ሰፊሕ ዝርዝር፡ ዝሓዘለ፡ ዘድልን ዘየድልን ጽፍጻፍ መደናገሪ ወረታት’ዩ ሓቝፎ ዘሎ።

ካብኡ ሓሊፉ፡ ንድሕሪት ዝኸይድ፡ ካብ ጊዜ ብረታዊ ገድልን፡ ቅድሚኡ ዝነበረ ሕሉፍ ዘሕብን ባህልን ታሪኽ ሰውራና፡ ኣብ ሕቶ ከእትዉን፡ ከነኣእሱን ዝወሰድዎ ሃቐነታት’ውን የጠቓልል።

ሓሶታት ምኧኑ እናፈለጥካ፡ ከይመለስካሉ፡ ወይ መብርሂ ከይሃብካሉ፡ ክሕለፍ ምተኻእለ፡ ኮይኑ ግን ኩልና፡ ብሓደ ዓይነት መርኣያን፡ ሓደ ዓይነት ኣመላኻኽታን እኳ እንተለና፡ ኣብ’ቲ ርኡይ ኣገዳሲ ዝበሃል ነጥብታት፡ ሕልፍ-ሕልፍ ኢልካ፡ ነቲ ኣብ ባይታ ዘሎ ሓቒን ክውንነትን ምድጋሙ ኣይኸፍእን ኢዩ፡ ካብ ዝብል መንፈስ ነቒልና ንርኣዮ።

1. ሓደ ካብ’ቶም ኣዝዮም ዘደንጽው፡ እሞ ኸኣ፡ ኣነ ንባዕለይ፡ ኣብ ኤርትራ ን8ተ ኣዋርሕ ኣብ ዝጸናሕኩሉ፡ ዘይረእኽዎ ዘየጓነፈኒ፡ “ብዛዕባ ካብ ቦታ ናብ ቦታ ምምልላስ” ጽኑዕ ገደብ፡ (Restrictions) ተፍትሽን ተሪር ምቑጽጻርን፡ ዜጋታት ዕለታዊ ፍቓድ ክሓቱ፡ ይሕተቱ፡፡ ከም ሳዕቤኑ፡ ካብ ስርሖም ዝበኹሩ፡ ዝተዓንቐፉ ዝበሳጨዉ፡ “ኣለዉ” ዝብል ሓበሬት ምስ ረኣኹ፡ ዝያዳ ኣስደሚሙኒ። ናይ ቅቡጻት ሕማም ሓሶት፡ ጥርዙ ክሳብ ክንደይ፡ ጫፍ ከም ዝበጽሐ፡ ኸኣ ብልክዕ ተርኣዩኒ። ብሕጊ ዘሕትት በደል። ኩሉ ኣብ ኤርትራ በጺሑ ዝተመልሰ ዜጋ፡ ከም’ዚ ክሰምዕ ከሎ፡ ተመሳሳሊ ስምዒት ከም ዘሕድር እውን፡ ፍሉጥ’ዩ። እዚ ዓይነት ምቍጽጻር ኣብ ኤርትራ የልቦን። ኣብ ዝደለኻዮ እዋን ናብ ዝደለካዮ መኣዝናት’ታ ሃገር፡ ብለይትን ቀትርን፡ ብዘይስክፍታ፡ ብዘይፍርህን ምቁጽጻርን ፍቓድን፡ ልብኻ ኣውዲቕካ እትንቀሳቐሰላን እትነብረላን፡ ስራሕካ እተሳልጠላ ሃገር ኣብ ኣፍሪቃን ዓለምን፡ ኤርትራ ጥራይ’ያ። ብኣንጻሩ፡ ኣነ ኣብ መገሻታተይ ዝተኻላበትኩ፡ ብፍላይ ካብ ዓዲ ክምለስ እንከለኹ፡ ነቲ ዝፈልጦ፡ ግን ከኣ ረሲዐዮ ዝነበርኩ ኣተሓሕዛ፡ ምቁጽጻር፡፡ ኣብ መዓርፎ ነፈርቲ ፍራንክፎርት ጀርመን ዝገጠመኒ፡ ኣብ ዲትሮት ዝተባህለ ከተማ ሕ.መ. ኣመሪካ ዝተደግመ፡(ኣብ ትራንዚት ንዲሲ) ናይ ጻዕቂ ተፍትሽ፡ ዋሕዚ ብዝሕን ሓቶታት፡ ምጉርጓር ሳናጡን፡ እሞ ኸኣ ምስ’ዚ ኩሉ ኤለክትሮኒካዊ ርቀትን፡ ኣብ’ታ እትኽሰስ ዘላ ሃገርን መንግስትን፡ ዘየጋጠመኒ፡ ኣብ’ዘን ንሃገራይ ዝኸሳኣን ዝወራዘያ ዘለዋ ሃገራትን’ዩ፡ ንዓይ ግድል ከጋጥምኒ ዝረኣኽዎ።



ነጻ ጽርግያታትና፡ ዘይክፈሎ! ሰላማዊ፡ መን ኢኻ ዝብለካ ዘይብሉ፡ ደስ ኢሉካ ንኽትመላለሰሉ ዝዕድም!

ብዛዕባ፡ ናብ ወጻኢ ምኻድ ዘርኢ ፍቓድ፡ ብዙሕ ዝፈልጦ ሓቅታት መልዓልኩ፡ ብሓጺሩ ግን፡ ብዙሓት ካብ ቤተ-ሰበይ፡ ብሕክምና፡ ብስራሕ፡ ብንግዲ፡ ናብ ሃገራት ሰሜንን ደቡብን ሱዳን፡ ኡጋንዳ፡ ከንያን ኣንጎላን፡ ሃገራት ማእከላይ ምብራቕ፡ ብግቡእ ክመላለሱን፡ ዝንቀሳቐሱን እፈልጥ። በቲ ካልእ ወገን ድማ፡ ንገለ-ገለ፡ ቤተ-ሰብ፡ ዘድሊ ቅጥዒ ኣማሊኦም፡ ደቆም ንምርኣይ፡ ናብ ሃገራት ኤውሮጳ ክገሹ ዝመደቡ፡ ብሰንኪ ምኽልካል ቪሳ፡ ዝተኻላበቱ ኣጸቢቐ እፈልጥ። ነዚ ዘጋጠመኩም ብዙሓት፡ ክትህልዉ ከም እትኽእሉ'ውን፡ ኣይስሕቶን። ብመንጽር'ዚ ሓቅታት'ዚ ድማ፡ መርማሪት ኮምሽን፡ ንገዛእ ርእሳ፡ እንተትምርምር ምቐለላ።

2. ኣብ ጉዳይ መሬትን ምምቕራሑን ዝምልከት፡ ፖሊሲ ኤርትራ፡ ንጹርን ገስጋስን ኢዩ። ገና ኸኣ፡ ዘድሊ ክለሳ እናተገብረሉ፡ ንዝሓሸ ረብሓ ሓፋሽን መሰላቱን ብዘረጋግጽ ርትዓዊ ኣጠቃቕማን ኣተሓሕዛን፡ እናተኣልየ፡ ህዝቢ ኣብ'ዚ ኣገዳሲ ዓውዲ ተርኡ ክዓዝዝ፡ ኣብ መንጎ ህዝብን መንግስትን ብልዝብን ምርድዳእን ዝካየድ፡ ስርዓተ-ምምሕዳር፡ ኤርትራ፡ ብሕማቕ ኣብነት ኣይትሕመን ኢያ። እኳ'ድኣ መንግስቲ ኤረትራ ኣብ ውሽጢ ናይ 24 ዓመቱ፡ ብመሰረት ጥንቁቕን ኣድማዒ ፖሊሲኡ፡ ኣብ ኣጠቓቕማ መሬት፡ ኣብ ምዕቃብ ሓመድን ምኻዝን ማይን፡ ኣብ ዝሕረስ ስቡሕ፡ ኣብ ዝተሓዝአ ድማ ለምለም ስፍራታት ንምህብታም ዓቢ ዝላ ተመዝጊቡ ኣሎ። ኣብ ብተናጸልን ብጥሙር ኣገባብ ዝእለ ሕርሻታትን፡ ብመስኖኣዊ ኣተሓሕዛ ዝምዕብል ብርኩት እቶት፡ መዃሰ ጥሪትን ጸባን፡ ኣብ ምፍራይ ኣሕምልትን ፍሬታትን፡ ኣብ  ምክንኻን ጥዕና እንስሳ ዘቤትን፡ ምክልኻል እንስሳ ዘገዳምን፡ ኣከባቢኣዊ ድሕነት፡ ዝነኣድ ኣስተዋጽኦ ተመዝጊቡ ኣሎ። ነዚ ሓቅነት'ዚ ዝኽሕድ፡ ኣብ ክንዲ ናእዳን ሞጎስን፡ ንኣተሓሕዛ መሬት፡ ከም'ቶም ኣብ ጎረባብትና ዘለዉ፡ መንግስታት፡ መሬት፡ ካብ ሓፋሽ ህዝቢ መንዚዕና፡ ንባዕዳውያን እንተዝሸየጥ ከ ምተናኣድና ድኾን ንኸውን። ኣብ ውሽጢ'ዚ ዝሓለፈ 20 ዓመታት፡ ብዘይዕረፍቲ ትኽሰስ ዘላ ሃገር፡ ንረድኤት መግቢ ኢዳ ስለ ዘይዘርግሐት፡ ኣብ ክንዲ ምትብባዕ፡ ኣባትር ክትወጣውጥ፡ ንፖሊሲ መንግስቲ ኤርትራ ኮነ ኢልካ፡ ንምጉዳእ፡ ብስም "መሰል ተጠቓምነት መሬት" ዝተላዕለ ክሲን  ጸለመን፡ ጻዕዳ ሓሶት'ዩ። ሎሚ ህዝቢ ኤርትራ፡ ብሳላ ጻዕሩን፡ ዝኣክል ማይ ከዚኑ፡ መሬት ኣልሚሁ፡ ኣብ ዓመት ሰለስተ ኣርባዕተ ጊዜ ምህርቲ ክሓፍስ ይርከብ ኣሎ። መግቢ ባዕልኻ ምኽኣል፡ ዘይተበርሆ ድማ፡ ከብዶም ይቀረጹ። ስለ'ዚ ጸብጻብ መርማሪት ኮምሽን፡ ዓይና ጨፊና፡ ንመማልእቲ ጸብጻብ'ያ ኣስፊራቶ።



ኣብ ኤርትራ፡ ዝሕረስ መሬት ተጸጊሙ ፡ጾሙ ዝሓድር ዜጋ የልቦን፡ ተቆጻጻሪት ኮምሽን፡ ናይ ክልኦት ሃገራት፡ ከይትኸውን ትህውትት ዘላ?

3. እዛ ብኸቱር ጸቕጢ ተኣዚዛ፡ ዝሓሸ መደናገሪ ክስታት ቀሚራ፡ ድሕሪ ሓደ ዓመት ጸብጻብ ከተቕርብ ዝተላእከት ኮምሺን፡ ሓደ ዓቢ ጉዳይ፡ ዓቢ ተነቃፊ ሕቶ ኣብ ሰነዳታ ኣስፊራ ኣላ። ብቐሊሉ ስሚዒት ሰማዕትን ተሳተፍቲ ጉባኤ ክትንክፍ ረስኒ ክፈጥር ይኽእል'ዩ ዝበልዎ ፡ ሓደ ቅዱስ  ሕቶ ኢዮም ክምዝምዙን ንመዋገይን ክዘናጥሉን ፈቲኖም። ንሱ ኸኣ ንኽብሪ ኤርትራዊት ጓለንስተይቲ ዝተናኸፍ፡ ነውራም ኣቀራርባን ጽውጽዋያትን'ዩ ኔሩ። ነገራት ክጽሕትሩ ክሳብ ክንደይ ተዓጢቆም ምህላዎም፡ መመሊሱ የዘኻኽረካ። ካብኡ ሓሊፉ ግን፡ ኣብ ኤርትራ ባህሊ ዘለዎ ህዝቢን መንግስትን፡ ትማልን ሎምን ብግብሪ፡ ኣብ መሰልን ማዕርነትን ዘካየዶ ቃልሲ ኣተሓሕዛን፡ ዝለዓለ ዘሕብን ታሪኽ ዘመዝገበ፡ ንሕሱር ፖለቲካዊ መዋገዪ፡ ንክብሪ ኣዴታትናን ኣሓትናን መናገዲ ክጥቀምሉ ምርኣይ፡ ቀይሕ መብራህቲ ጢሒሶም። ብዛዕባ ሕቶን መሰልን፡ ባዕሉ እቲ ተመዝጊቡ ዘሎ ዓወታት፡ ኣብ መዘክር ሓድሽ መዋእል፡ ናይ ሃገረ ኤርትራ፡ ኣብ ውዱብ ሕቡራት መንግስታት ተሰኒዱ ዘሎ ምውካስ ዝቐለለ ምኾነ። ይኹን እምበር እታ ኮምሽን፡ ነዚ ዘሕፍራ ክሲ ኣብ ሰነዳታ ከተስፍሮ፡ ካብ "መሰኻኽር" ኣጻሪና ረኺብናዮ ዝበልዎ ዛንታታት፡ ካብ ሓደ-ሓደ ክሕስዋሎም ዝተዓደማ ዓማዊል፡ ብመደብ ዝተሰርሓሉ ድራማ ምንባሩ ክስሓት የብሉን።  ኣብ'ዚ ነጥቢ'ዚ ክጥቀስ ዘለዎ ጉዳይ ኣሎ። እዚ ኸም'ዚ ዓይነት ሓበሬታታት፡ ሓደ ሓደ መንእሰያት ደቀንስትዮ፡ "ደቂ ሃገር መስኪረን" ኢልካ'ውን እንተሓሲብካ፡ (ብጀካ'ተን ብወያነ ዝተላእካ) ነቲ ዓይነት ሓሶት ክእለም መንገዲ ዝጸረጉን ዘተባብዑን ዝመኽሩን፡ ተጻባእቲ ውልቀ-ሰባት ከም ኣሳለጥቲን መሻርኽትን ኮምሽን፡ ናይ'ቶም ከም "ግበረ-ሰናይ ማሕበራት፡ ዘይመንግስታውያን ውድባት ዝፍለጡ፡ ኣዳኸርቲ ኣካላትን (ኣቀዲምና ዝጠቐስናዮም) ብዝገበርዎ ኣስተዋጽኦን ኢዩ። ስደተኛታት ዝኣተውወን ሃገራት ድማ፡ ፖለቲካዊ ዕቑባ ክሓታ እንክለዋ፡ "ተዓሚጽና ኢልክን፡ መሕትት ምልኣ" ዝብል ምኽርን ማዕዳን ዝሃቡን ባይታ ዘጠዓሙን፡ ካብ ክፍሊ ኢምግረሽን ናይ'ዘን ዝጠቐስናየን ሃገራት ወከልቲ ምንባሮም፡ ነፍሲ ወከፍ ኤርትራዊ ብቀረባ ዝፈልጦ ናይ ኣደባባይ ምስጢር'ዩ። ንሕና ከም ህዝቢ ግን፡ በዚ ኣዕናውን ኣጸያፍን ክስታት ኮምሽን፡ ነዚ ተታሓሒዘምዎ ዘለዉ ጸምባዕ ኣካይዳ፡ ብዝግባእ ክንነጥሞ፡ ናይ ቃልሲ መንፈስና ክሓንን እምበር፡ ሞራልና ኣይዝሕልን ኢዩ።
4. ብዛዕባ ሃገራዊ ኣገልግሎት እንተኾነ፡ እዚ መደብ'ዚ ቅድሚ 20 ዓመታት፡ ከነበግሶ እንከሎና ኣትሒዞም'ዮም፡ ኩሎም ድሕነትን ዕብየትን ህዝቢ ኤርትራ ዘየተዋሕጠሎም ኣካላት ዝወጨጩ። ብፍላይ ነቲ ስዒቡ ብኑጽር ዝተጋህደ ወራር ወያነ ምስ ፈሸለ፡ ነቲ ስርዓትን ወራራቱ ዝደፋፍኡን ዝመወሉን፡ በቲ ብልሂ ቁምነገሩን፡ ርቀት

ጠመትኡን፡ ኣዝዮም ዝዓበዱ። እቲ ኣዘንጊያም ዘበገስዎ ወራር፡ ብዝግባእ ብብቕዓት ዋርሳይ መኪቱ፡ ሸርሒታቶም ምስ ኣመከኖ፣ እቲ ሓቂ፡ ከምኡ ስለ ዝነበረ፡ ካብ'ቲ እዋን'ቲ ዝጀመረ፡ ብዝተፈላለየ መልክዕ፡ ነቲ መደብ ክቖረጽን ክዕንቅፉን ክሰርሕሉ፡ ሒጊግ ክብሉ ጸኒሖም። ምስ ጊዜ ከም ባህሊ ኮይኑ ክቕጽል፡ ኣገዳስነቱ ዝያዳ ክዓዝዝ፡ ዓይኖም ደም መሊኡ። ሜላታት ፈጢርካ ድማ፡ ቀጻሊ መናውራታት ክምዕብል ጸኒሑ። ኣስተዋጽኦ ሃገራዊ ኣገልግሎት መንእሰያት፡ ከም ሓደ "ባርነታዊ ኣገልግሎት" ኣምሲላካ ክትቃወሞ ምፍታን እውን ናቱ መልእኽቲ ኣለዎ። ከም ዝተባህለ ሃገራዊ ኣገልግሎት፡ ብጀካ'ቲ ኣብ እዋን ሓደጋ ዝህልዎ ወሳኒ ናይ ርእሰ-ምክልኻል ረብሓ፡ ኣብ እዋን ሰላም'ውን፡ ብፍላይ ኣብ ከም ናትና ኩነታት፡ (ኣብ ከም'ዚ ናትና ተመሳሳሊ ኩነታት ዝሓልፉ፡ ህላውኤን ብተመሳሳሊ ዝዓቀባ ሃገራት) ኣብ ቀጻሊ ተጻብኦታት፡ ብቑጠባ ክንርመስ፡ ብእገዳ ተሓኒቕና፡ ትንፋስና ክትሓልፍ ዝተፈረድናሉ ኰናት፡ ዘበርዓን ጥበብ ኢዩ።፡ ነዚ ተመዝጊቡ ዘሎ ሃገራዊ ቁጠባዊ ህንጻ ከውን ዝገበረ መንእሰይ፡ ኣብ መሰልጠኒ መደበር ሳዋ፡ ማእከል ኩሉ ዓይነት ፍልጠትን ጥበበን ስለ ዝኾነት። እዛ ፍቕርን ስኒትን ናይ ኩሎም ብሄራት፡ ጾታታት፡ ኤርትራዊ ጥምረትን ዝመስራሓላ ላባራቶሪ፡ ልዕሊ ንኩሌራዊ መደብር እዮም ዝፈርህዋ። ንሳዋ ከም መዓስከር ሰይጣውንቲ ጌሮም ምግላጾም 'ውን፡ ኣየገርመን!! ኮይኑ ኸኣ ህላውነታ ካብ ንግሆኡ ኣይተበርሆምን። ኣብ'ዛ መዲና'ዚኣ ዝተመልመለ መንእሰይ፡ ዝሰርሖ ቅያታት ያታታት፡ ብዓይኒ ጸላእቱ፡ ተቐባልነት ኣይረኸበን። ንህላወ ሳዋ ድማ ኣዝዮም ይጸልእዋ። ስለ ዝኾነ ድማ ማዓጼኣ ክትዓጹ ኣገልግሎታ ክለምስ፡ ተሰቢኹ ኣይሰርሖን። ሓጂ ኸኣ ሰብ ነገርና፡ ኻልእ ማስኬራ ለቢሶም መጺኦምና። እዚ ምስሉይ ኣቀራርባ "ኮምሽን ሰብኣዊ መሰል" ነቲ ሕቀኛ መሰል ህዝብና ንምምንጣል፡ ንሕቶ ተሳታፍነት ሃገራዊ ኣገልግሎት፡ ግቡእን መሰልን ዜግነት ከም ምዃኑ መጠን፡ ብኣሉታ ተርጕምካ፡ ንመንእሰያትና ካብ ሃገሮም ክወጹ ዘገደደ ምኽንያት ጌርካ ከተቕርቦ ምፍታን፡ ዘይሓላፍነታዊ ዓንዳሪ ፖለቲካዊ ድራማታት ኢዩ። ኣብ ሓቀኛ ሰብኣዊ ሓልዮትን ምድንጋጽን ዝተመርኮሰ ኣቀራርባ ኔሩ እንተዝኸውን፣ ነዚ ከም ጅሆ ተታሒዙ ዘሎ ጎበጣ መሬትና ከብቅዕ፡ ስጉምቲ ናይ ምውሳድ ሓይሊ ኣብ ኢድ ቤት ምኽሪ ጸጥታ ስለ ዘሎ፡ ነቲ ሽግር ዝፈጠረ ኣካል ኣምሪሩ ክከራኸር፡ ነዚ ዘይምኽኑይ ቁጠባዊ እገዳ፡ ክኹንን፡ ጸዊዒታ ከተስምዕን ምተገብአ። እዚ ኸኣ'ዩ ኔሩ ትርጉም ዘለዎ መርኣያ ሰብኣዊ ጥብቅና። ንሕና ግን፡ በዚ ምስሉይ ለኽዕካዕ ኣይንደናገርን። ከመይሲ፡ ምንዋሕ ጊዜ ተበሪሁና ኣይኮናን ጊዜ ከም ዝምጠጥ ተጌሩ፣ ኩነታት ኣገዲዱና እምበር።

5. ግድባት ገዲብካ፡ ዒላታት ፈሕርካ ማይ ህይወት ምኽዛን፡ ንህዝብኻ ጽሩይ ማይ ክሰቲ፡ እትዋቱ ከኻዕብት፡ ብተወፋይነት ምስራሕን ምግልጋልን፡ እንታይ ሓጥኣት ኣለዎ? ስለ ምንታይ ብባርነት ክጥመቕ ተደልዩ? ስለ ዘይተንበርከኽና፡ ንጽቡቕነት ባህልና ከመራስሑ ዝህንደዱ፡ ትማሊ'ኮ እዛ ሃገር ብተዋፋይነት፡ ብመስዋእቲ ደቃ እያ መጺኣ። ናታቶም ምጥባቕ ድዩ ሓርነት ኣጓናጺፉና? ካብ ወለዶምን ናብርኦምን ተፈልዮም፡ ወርቃዊ ናይ ንእስነት ዕድሚኦም ኣብ ሓለዋ ዶብ ክሓልፉ፡ ዝግደስን ዘስቆርቁርን፡ ሰብ እንተድኣሃልዩ፡ ልዕሊ መንግስቶምን ህዝቦምን፡ ዝሳቐን፡ ዕረፍቲ ከረኽቡ ዝሓሊ፡ መተካእታ ዝኾኖም ፍጡር ከምዘየሎ፡ እናፈለጡ ንጸይቂ ዝተዓጥቁ ጸየቕቲ፡ በዚ ምስሉይ ኣቀራርባን ናይ ሓሶት ስብከታትን፡ ንዓለም ከዳናግሩ፡ ኣብ መንጎ ህዝብን መንግስትን ነቓዓት ክፈጥሩ ምፍታን፡ ካብ ምዃን ሓሊፉ፡ ብምድግጋም ሓቂ ከምስሉ ዝኾሓሓልዎ ዘለዉ ውስልትና ግን፡ መዓልቲ ኣለዎ። ንምዃኑ እዛ ኮምሽን እዚኣ፡ ኣብ ዉሽጢ ጉዳይ ናይ ሓንቲ ሃገር ኣትያ፡ ንመንግስትን ንህዝብን ኤርትራ፡ እንታ'ዩ ቅኑዕን ዘይቅኑዕን፡ ክትምርምርን ከተጻርን፡ መን'ዩ ሓላፍነት ሂብዋ? ወይስ፡ ከም'ቲ ኣብ ሃገራት ማእከላይ ምስራቕ ዝተወለዐ፡ "ኤለክትሮኒካዊ ሰውራ" መብጽዓታት ንምቕያር መንግስታት፡ ዕልዋ ስርዓታት፡ ዘመዝገቦ ጥፍኣት፡ ካብ ዝፈጸምዎ ጌጋታት ገና ከእረሙ ዘይምድላዮም፣ ንዕቀቶም ክሳብ ክንደይ'ዩ ጥርዚ ወቒሉ? እዘን ኮሚሽናት ኣጻረይቲ ጉዳያት ተባሂለን ዘለዋ ጉጅለታት፡ ካብ ጉዳይና ኢደን ከልዕላ ንምሕጸን። ሳዋ ግን ንዘልኣለም እትነብር ምስ ህላወ ህዝባ ዝተኣሳሰረት፡ ምስ ምውላድ ሓዳስ ኤርትራ ዝበረቖት ብርሃን፡ ትዕድልትን መሰልን ኢያ።

6. እቲ "ንቅዋምን ንዲሞክራሲያዊ ለውጥን፡ ተራ ህዝባዊ ግንባር" ትካልት መንግስቲ ዝተዋህበ፡ ተደጋጋሚ ተመሳሳሊ ርእይቶን፡ ካብኡ ሓሊፉ ዝግለጽ ተለጣፊ ኣስማትን ጠቕነን፡ ንዕኡ ከም ሓቀኛ መርትዖን ጭብጥን ከመዝግቡ፡ ኣመዝጊቦም ድማ ዝዓበየ ክሲ ክምስርቱ፡ እፍትኑ ከም ዘለዉ ዘርኢ ምጽብጻብ፡ ከም "መሰኻኽር" ቃለ-ኑዛዜን፡ ዝሃቡ ውልቀ-ሰባት፡ ኣብ ዝሓለፈ እዋናት፡ ኣብ ውሽጣዊ ጉዳይና ሶሊኸን ብምእታው፣ ክርቢት ናዕብታት ክሸርጥጣ፡ ተልእኾ ዝተዋህበን፡ "ብተጣበቕቲ መሰል ደቂ-ኣዳም" ቅጽል ስም "መላእኽቲ ናዕቢ" ከም በዓል ኣምነስቲ ኢንተርናሽናል፡ ዝሃብኦ ምስክርነትን፡ ስለያዊ ሰነዳተን መወከሲ ወሲድካ፡ መማቕርቲ ሪፖርት ኢዩ ተዳልዩ። እዚ ኸኣ፡ ኣብ ዝተፈላለየ ኩርንዓት ዓለም፡ ኣብ'ዚ ቀረባ እዋን፡ ኣብ ጉዳይ ሃገራት ማእከላይ ምብራቕን ሰሜን ኣፍሪቃን፡ ካብ ግዳም ዝነጥፉ፡

ኣዕነውቲ ደቂ ሃገር፡ ብተመሳሳሊ ኣገባብን መንገድን ተመልሚሎም ዝተኣኻኸቡ፡ ተልእኾ ካልኦት ከፍጽሙ፡ ኣብ መጋባእያታት ውድብ ሕቡራት መንግስታትን፡ ዞባውያን ውድባትን፡ ክምስክሩን ክላፋለፉን፡ ክሕስዉን ተራእዮምን ተሰሚዖምን፡ ቃሎም ከኣ ገና፡ ካብ ጉንዲ እዝንና ኣይተፈንተተን። በዚ ከምዚ ዝዓየነቱ፡ ኣካላት ቤት ምኽሪ ጸጥታ፡ ዘሐልፍዎ ውሳነታትን፡ ዝተወስደ "ምቅያር መንግስታት" ዝተረኽበ ውጽኢት፡ ዓለም ብስእነት ሰላም ትሕመስ ኣላ። ኣመት ናይዛ መርማሪት ኮምሽን፡ ተመሳሳሊ ታሪኻዊ ጌጋ ክትፍጽም ትደናደን ከምዘላ'ውን የተሓሳበካ፡፡ ዓይንኻ ክትከፍት፡ ነዚ ዓይነት ባይታን ኣንፈትን ንምጥዕዓም፡ እንተኾይኑ እቲ እከይ ውጥን፡ ንሕና ድማ ከም ህዝቢ፡ ኣቐድም ኣቢልና ዝሓለፍናዮ፡ ፈተነ፡ ተዘንጊዑ እንተኾይኑ እንድዒ። ካብኡ ተረፈ፡ ኣብ ኤርትራ ዝትከል ስርዓተ-መንግስቲ፡ ከም'ቲ ትማሊ ተቓሊስና ናጽነትና ዘረጋገጽና፡ ላኣላውነትና ዘውሓስና፡ ጽባሕ'ውን፡ ኣብ ዝጠዓመና ዝምእምኣና ስርዓተ-ምምሕዳር ንምድልዳል፡ ኣበርቲዕና ክንሰርሓሉ ለበዋን መጠንቀቕታን ዘድልየና ኣይኮነን። ህዝባዊ ግንባር፡ ካብ ኣብራኽ ውጽዓት፡ ንውጽዓት ዝተቓለሰ፡ ሕጂ ውን፡ ንህይወት ኣእላፋት ዘቕሰን ስርዓት፡ ብልጽግትን ምዕብልትን ኤርትራ ንምርግጋጽ መሪሑ፡ ብህድኣት ዝኸይድ ዘሎ፡ እሙን ኣገልጋሊ ህዝቢ፡ ውፉይ መሪሕነትን፡ ብጽሬቱን ውሕልነቱን፡ ኣብ ዓለም ዘመስከረ ውድብ'ዩ። ንመሪሕነቱ ዕረ ዝጠዓሞ ድማ፡ ዕረ፡ ይጥዓሞም እምበር፡ ህዝባዊ ግንባርስ ከህሉ ኢዩ።

ከም'ቲ ኣቀድም ኣቢለ ዝተቐስክዎ፡ ኣብ'ቲ ሰነድ ናይ'ዚ ኮምሽን ቀሪቡ ዘሎ ክስታትን ዓሎቕን፡ ነየናይ ኣልዒልካ፡ ነየናይ ከም ትገድፍ ወይ ነየናይ መሊስካ፡ ነየናይ ከምትሓድግ፡ ጊዜ ዘፍቅድ ኣይኮነን። ብኣጠቓላሊ ግን፡ ኣብ ኤርትራ፡ ሓንቲ ክንዲ ኣድሪ ዝምድቃቓ፡ ጽብቕቲ ነገር ወይ እወታዊ ሰብኣዊ ኩነታት ከምዘየለ ንኽትብርዝ፡ ኮነ ኢልካ ዝተወጠነ፡ ናይ ተጻብኦ፡ "ብዙሕ ሓበሬታ"፡ ግን ከኣ፡ ባዶ ዝትሕዝትኡ፡ ኢልካ ምሕላፉ'ዩ ዝሓሸ ምኾነ።

## ቅሉዕ፡ ናይ ሌላን-ጉሌላን ዓሎቕ፡ ኮምሽን፡ ንኣብ ደገ ዝነብሩ ዜጋታት፡

ኣብ ልዕሊ'ቲ ኹሉ ዓይነት ዝገበረቶ ኣነዋሪ ስርሓት፡ ነቲ "መርመራታት" ከተካይድ ከላ ዝተጠቐመትሉ ኣተሓሕዛ፡ ብዝከኣል መጠን፡"ደገፍቲ መንግስቲ ዝበለቶም"፡ ኣብ ወጻኢ ዝነብሩ 95% ዜጋታት፡ ብምትሕብባር፡ ምስ'ዞም ጸየቕቲ ኣካላት እንዳተወከሰት፡ ኣብ ዝግበር ዋዕላታት፡ ኮንፈረንሳት፡ ከምዘይካፈሉ፡ ኣብ'ቲ ዝቐርብ ዝነበር ክስታት፡ ርእይቶ ክወሃብ ኣይደለየትን። ብጹሑፍ ንዝቐርበላ ርእይቶታት ነጺጋቶ። ኣብ'ቲ ዶክመንትታ'ውን ኣይሰፈረን። ብሓፈሸኡ፡ እቲ ኣብ ወጻኢ ዝነብር ህዝብና፡ ብማዕረ ዕድል ንኸይካፈሎ፡ ኮነ ኢላ ዝተሰርሓሉ ምንባሩ እውን ንፈልጥ። ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ጥራይ ክልተ-ሰለስተ ጊዜ፡ ንምምይጥን ክትዓትን ተዓዲማ፡ መልሲ ከይሃበት ተሪፋ። እብ'ዚ ክጠቕሶ ደልየ ዘለኹ ነጥቢ ድማ፡ ኣብ ሃገር ክትኣቱ እንተዘይከኣለት፡ ኣብ ግዳም ዘለዉ ዜጋታት፡ ነቲ ብዛዕባ መሰሎምን መሰል ህዝቦምን ዝካየድ ዘሎ ምጽራያትን ጉዳያትን፡ ክተሓባበሩ ይኹን ክቃወሙ፡ ከተሳትፍ ምተገብኣ። (ንዓዓ'ውን ጠቓሚ መካትዒ ምኾና) ንመንግስቲ፡ መሰል ዜጋታት ኣየኽበርካን እናተባህለ ክትወራዘ፡ ባዕላ'ታ ንገዝእ ርእሳ፡ ካብ ንእንታይነታ፡ ካብ ዘፍሸለ ድርብ መለክዒ ጠባይ ኢዩ። ነቲ ብኸውሊ ክትስንዶ ዝተዃየየትሉ" ጸብጻብ" ድማ፡ ዕርቃኑ ከይወጽእ፡ ዝወሰደቶ ሜላ ምንባሩ ዝያዳ፡ መርእያ ድኻማታ ኔሩ።

መንግስቲ ኤርትራ'ውን እንተኾነ፡ በቶም ላዕለዎት፡ ኀይቶት ናይ'ዚ ስንክሳር፡ ግቡእ ጊዜ ተዋሂብዎ፡ ብዝግባእ መንገዲ፡ ክትዓቱን ሓሳቡን ከይህብ፡ ብዙሕ መሰናኽላት ከፍጠር'ዩ ጸኒሑ። ንብድርካቡ ዘቕረቦም፡ መብርህን ጭብጢታትን መዘክራት፡ ላዕለዎት ሓለፍቲ ኤርትራ፡ ተሰማዕነት ንኸይረክብ፡ ብውሽጢ-ውሽቲ ዝተሰርሑ ምትሕልላኻት፡ ብመዓልቶ ክኸሽሑ ምኺኖም'ውን ጥርጥር የልቦን።

## እቲ ካልእ ገጽ፡ ብዛዕባ'ዛ ሃገር፡ ዝቅየር ዘሎ እወታዊ መረዳእታ፡ ምዕባሌታትን'ከ፡ ከመይ እመስል?

ነዚ፡ በዛ መርማሪት ኮሚሽን፡ ዝቐረመቶ ኣደናጋሪ ጸብጻባት'ዩ ዝጻረር፡፡ ኣብ'ዚ ዝሓለፈ ዓመት፡ ዝተፈላለዩ፡ ልኡኻት ሃገራት ሕብረት ኤውሮጳ፡ ንውሽጣዊ ኩነታት ኤርትራ፡ ብቐረባ ክዕዘቡ ከጽንዑ፡ ብዕይኖም ክርእዩን፡ ምስ ኣካላት መንግስትን ህዝብን ኤርትራ፡ ፊት-ንፊት፡ ዕቱብ ዝኾነ ሓባራዊ ዘተን፡ ጽቡቕ ዝኾነ መረዳእታን፡ ሒዞም፡ ከም ዝመጹን፡ ኣብ ሃሃገሮም ምስተመልሱ ድማ፡ ሚዛናዊ ዝኾነ መግለጽን፡ ጸብጻባትን፡ ኣብ መራኸቢ ብዙሃን ክፍኖ፡ ተኸታቲልና ኣሎና።

ክሳብ'ዚ ዝሓለፈ ሰሙን፡ ሳዕለዋይ ልኡኽ መንግስቲ ኖርወይ፡ ኣባል ሚኒስትሪ ወጻኢ ጉዳይ ዝመርሖ ዕዶት፡ ፈጺሙ ምስተመልሰ፡ ነቲ ዘጋጠሞ ህልው ሓቅታት ዘንጸባርቕ፡ ጸብጻብን ምስክርነትን ሂቡ። ጠንቂ ስደት ኤርትራውያን፡ ንሃገራት ሕብረት ኤውሮጳ ከኣ፡ ከም'ቲ ኣቀዲሙ ተደባሊቑ ክቀርብ ዝጸንሐ ሓበሬታ ዘይኮነስ፡ ምኽንያት መስደዲኦም፡ ናይ ፖለቲካ ሕቶ ምዃን ተረፉስ፡ ናይ ቁጠባን ካልእ ናይ "ዝሓሸ ምርጫን ናብራን" ንምምራሕ፡ ካብ ዝብል መበግሲ ምዃኖም፡ ዘረጋግጽ ምስክርነት ኣቕሪቡ። ብተወሳኺ፡ ነቲ ንኤርትራ፡ ከተጸልም፡ ከም ስርዓት "ሰሜን ኮረያ" ኣመሳሲልካ ክቀረብ ዝጸንሐ ደዋኒ ኣቀራርባ፡ ብሓጺሩ ክጠቅስ እንከሎ፡ "ንታ ሃገር ዝውክል፡ ኣበሃህላ ኣይኮነን" ክብል'ዩ ኣነጺርዎ። ነዚ፡ ውስልትና፡ ናይ'ዛ ኮምሽን ከኣ፡ ሕራ-ሕራይ ጌሩ ዝጸፍዕ ነጥቢ'ዩ ኣመሓላሊፉ። ንመጻኢ ዕድል ስደተኛታት ድማ፡ ሽግራቶም ንምፍታሕ፡ ምስ መንግስቲ እናተላዘቡ፡ ግብራዊ ፍታሕ ክርከቦ፡ ስጉምቲ ክወስዱ፡ መጽናዕትታት ምክያድን፡ ኣብ ምቅርራብ ከምዘለዉ ሓቢሩ።

ኣቀድም ኣቢሉ ድማ፡ ካብ ሃገር እንግሊዝ፡ ንተመሳሳሊ ተልእኾ ዝኸዱ፡ (ክልተ ጊዜ) ንሰብኣውን ፖለቲካውን ኩነታት ሃገር፡ ኣብ ዝተፈላለየ ዓውደ ስርሓት፡ ተመያይጦም፡ ንዝጸንሐ ግጉይ መረዳእታ፡ ንጹር መብርሂ ረኺቦም፡፡ ካብ'ዚ ምምይያጥ'ዚ ዝተረኽበ መኽሰባት'ውን፡ ንመጻኢ ብሓባር ኣብ ዝተፈላለየ ቁጠባዊ ወፍሪ፡ ክሳተፉ፡ ግብራዊ ስጉምቲ ከም ዝወሰዱ ይፍለጥ። ኣብ ጉዳይ ስደተኛታት ዝምልከት ከኣ፡ ከም'ቲ ናይ ልኡኻት ነረውይ ተመሳሳሊ፡ መረዳእታን ግንዛቤን ኣለዎም። ብዛዕባ እቶም ኣብ ሃገር እንግሊዝ ዘለዉ ስደተኛታት፡ ናብ ሃገሮም ዝምለስሉ ነጥብታትን ቅድመ-ዳህሳስን ክገብሩ ምዃኖም ውን ኣፍሊጦም ኣለዉ።

እቶም፡ መጀመርታን ኣካታዕን፡ መንገዲ ሓቂ ዘርሓወ ዑደት፡ ናይ መንግስቲ ደኒማርክ ልኡኻት'ዩ ኔሩ። ሽዑ ነቲ ዉዑይ ሓቂ፡ ዘይፈተውዎ ኣካላት ከም ሕሱም ተጣሪዖም። ኣብ መጀመርታ በቲ ጸብጻብ፡ ተሳማሚዖም ኩብቅዑ፡ ጸኒሖም ዝተጣዕሱ፡ ተሰልቢጦም ከደናግሩ ዘመተ ዝፈተኑ፡ ጸላዕላዕ ዝበሎም ወገናት'ከም ዝነበሩ'ውን ይዝከር። "ሓቂ፡ ብርእሳ እንተቐበርካያስ፡ ብእግራ ትወጽእ" ኮይኑ፡ እግረ-እግሮም ብተኸታታሊ ካልኦት፡ ናይ ብርክት ዝበላ ሃገራት ልኡኻት፡ ተመሳሳሊ ሓበሬታ ምስ ረኸባ፡ ኣሰር'ዚ ተባዕ ስጉምቲ እየን ተኸቲለን። ዋላ'ታ፡ ብዙሕ እናተነግራ ኣስቂጣ ዝነበረት፡ ብብዝሒ ኣፍሪቃውያን ስደተኛታት ዝተወረት፡ እስራኤል። ድምጻ ነቲጉ።

ኣብ'ዚ ቀረባ ሳምንቲ እውን፡ ኣብ ዉሽጢ ኤርትራ ብዲፕሎማሲያዊ ውክልና ዝተመደቡ ኣባልት፡ ኣምባሳደራት ሃገራት ሕብረት ኤውሮጳ፡ ብሓልዮት መንግስቲ ኤርትራ፡ ናብ ዝተፈላለየ ዞባታት ሃገር፡ ዝምዝገብ ዘሎ ቁጠባዊ ምዕባሌታት፡ ዝተኣታቶ ዘሉ ምዕሩይን ጽፉፍን ማሕበራዊ ኣገልግሎት፡ ብቐረባ ክዕዘቡን መረዳእትኦም ከዕብዩን ዕዶት ወዲቡ ኔሩ። ከም ውጺእቱ ድማ፡ በቲ ዝረኣይዎን ዝተሓበርዎን፡ ነተን ዝወከሉኦም ሃገርት'ውን ዝግባእ መረዳእታ ክሕዛ ዝሕግዘን መልእኽቲ ከመሓላሊፉ ምዃኖም፡ ቃል ኣትዮም።

ጽቡቕነትን ብስለትን መንግስቲ ኤርትራ፡ ኣብ'ዚ ቀረባ እዋናት፡ ኣዝዩ ኢዩ በሪኹ ዘሎ። ኣብ ከባቢ ወሽመጥ ዓደንን፡ መጻብቦ ባብኤልመንደብን፡ ከምዕብል ዝጸንሐ ጸጥታዊ ሓደጋታት፡ መንግስቲ ኤርትራ፡ ቅድሚ ካልኦት፡ ካብ ነዊሕ ጊዜ ኣትሒዙ'ዩ፡ ብትኩርነት ክከታተሎን ከጠንቅቕን ጸኒሑ። ኮይኑ ኸኣ፡ ምስ ጎረባብቲ ሃገራት፡ ኣብ ምፍታሕ ሽግራት የመንን ደቡብ ሱዳንን፡ ኣበርክትኡ ከዕዝዝ፡ ተመክርኡ ከካፍል፡ ብኽብሪ ምዕዳሙ፡ ሓደ ናይ'ቲ ዕብየትን፡ ርጥበቱን ኢዩ ዘምልክት።

## <u>መን'ዮም፡ ኤርትራውያን ስደተኛታት? ንጠንቂ ፍልሰቶም' ከ፡ መን'ዩ ተሓታቲ?</u>

እዚ፡ ብገለ ወገናት፡ ካብ ቁናን ፖለቲካዊ ጥምሑነት ጥራይ ተበጊሶም፡ ዘናፈስዎ ዝንቡዕ ሓበሬት፡ ከም ሓቂ ተወሲዱ፡ ብኣልማማ፡ ንኹሎም ስደተኛታት ሃገራት ኣፍሪቃ፡ "ኤርትራውያን" ኢዮም፡ ተባሂሉ ዝተግረ ስብከት፡ ኣብ መራኸቢ ብዙሓን ክፍኖ ዝጸንሐ፡ ምስኡ ተለቂቡ ዝተነዝሐ ጸለመታትን፡ ነቲ ካብ ክልል ትግራይ፡ ብሓይልታት ጸጥታ እቲ ስርዓት፡(ኣራ) ብኣብ መዓስከራት ስደተኛታት፡ ኣብ ምምሕዳርን ስለያዊ ጉዳይት ዝነጥፍ ኣካል፡ ዝቐረበ ብዝሒን ቁጽሪን ስደተኛታት፡ እንተላይ ትግራዎት ዝተደመርዎ፡ ንስራሕ'ዛ ኮምሽን፡ ጥጡሕ ባይታ ኢዩ ፈጢሩ። ከም ውጽኢቱ ድማ፡ ዘየሎ ቁጽሪ ስደተኛታት ኤርትራውያን ሃገር ለቒቖም ወጺኦም ዝብል ጸብጻብ፡ ከም መርትዖ ከተቕርብ ድማ ተጌሩ።

ጊዚኡ ሓልዩ ዝመጸ ጸገም፡ ኣብ ሃገራት ሕብረት ኤውሮጳ፡ ኣጓኒፉ ዘሎ፡ ብዝሒን ዋሕዝን ስደተኛታት፡ ኣብ ማእከላይ ባሕሪ ዝኸሰት ዘሎ ኣሰቃቒ ሓደጋታት፡ ብዙሕ ሕቶታት ኣነቓኒቑ ኢዩ። ስደትን ሞትን ንጹሃን፡ ብቀንዱ እዘን ሕጂ፡ ተሓለቕቲ መሲለን፡ ወጠምጠም ዝብላ ዘለዋ፡ "ኢደይ፡ ሕጹብ ከም ጲላጦስ" ዝዓይንቱ ወልደፍደፍ፡ ነቲ ጸገማት ዝፍውስ ኣይኮነን።

እዚ ተርእዮ’ዚ ትማሊ፡ ብቅድሚ ትማሊ፡ ብደፋእታ እናተዋህለለ ክዓቢ ዝጸንሐ፡ ባዕላተን ኤውሮጳውያን ዝፈጠርኦ ሽግራት፡ ኣብ ልዕሊ ኣህጉር ኣፍሪቃ፡ ( ሊብያ፡ ጫድ፡ ኢትዮጵያ፡ ረፓብሊክ ማእከላይ ኣፍሪቃ፡ ኣይቮሪ ኮስት፡ ደቡብ ሱዳን፡ ሰነጋል..ወዘተ) ሃገራት ጸጥትአን ተዘራሪጉ፡ ከም ሳዕቤኑ ኸኣ፡ ሕንፍሽፍሽ ኣትይወን ኣሎ፡፡ ዜጋታተን ከበታተኑ፡ ዝሓሸ መዕቆቢ ከናድዩ፡ ፋሕ ብትን ክብሉ ድማ ግድነት ኮይንዎም። እዚ ሓቂ’ዚ ብዘየገድስ፡ ንኹሎም ስደተኛታት ኣፍሪቃውያን “ብኤርትራውነት” ብመደብ ክጥመቑ ተጌሩ።

መሰረታዊ መፍትሕን፡ ቅኑዕ መጽናዕትን፡ ተኻይዱ ጥዑይ ግብራዊ ስጉምቲ ክሳብ ዝርከቦ ድማ፡ ዋላ፡ ከም’ቲ ዘንቅልዎ ዘለዉ ዘደንጹ ሓሳባት፡ ብሓይሊ ጠበናጁ ክገትእዎ እንተሃቀኑ፡ ዘለቁታዊ ፍታሕ ከምዘይኮነ፡ ጸኒሕካ ዝርአ ጉዳይ ኢዩ።

ኣብ ኤርትራ መጺና፡ ክንዛረብ እንተኾይና ድማ፡ ብመሰረቱ፡ ካብ’ቲ ኣብ ልዕሊ ኣፍሪቃውያን ኣሕዋትና ዘጋጥሞም ዘሎ ኣደራዕ ዝፍለ ኣይኮነን። እንትርፎ ሜላን ታክቲክን። ኣብ መጀመርታ ኲናት ከም ዝውላዕ (1998)፡ ጸኒሕካ ንብይን ኮሚሽን ዶብ፡ ከም ጅሆ ሒዝካ ምሕንጋድ፡ ቁጠባዊ እገዳ፡ ሕጂ ኸኣ፡ ክሲ ብስም ሰብኣዊ መሰል። ብጠቕላልኡ ድማ፡ ኣብ’ዘን ዝሓለፋ 17 ዓመታት፡ ብታሕቲ-ታሕቲ፡ ብምስጢርን ስለያዊ ወፈራታትን፡ ናይ ሓሶት መብጽዓታትን፡ ኲናት ስነ-ኣእምራዊ ዘስዓቦ ጸገም፣ ናብ ጎሮቤት ሃገር ክሃድሙ ዝተገብረ ምድፍፋእ፡ መዳጎኒ ስደተኛታት፡ ብሓገዛተን ዝምወል ካምቦታት ብምትካል፡ መንእሰያትን ትሕቲ ዕድመ ቆልዑ፡ ከይተረፉ፡ ከም ዝበታተኑ፡ ዝተገብረ ሽርሒ፡ ናይ ባዕሉ ሰፊሕ ጸብጻባትን ሓተታን ዘድልዮ ኣርእስቲ ኢዩ። ብሓጺሩ ግን፡ ናይ’ዚ ፍልስት እዚ፡ ምምሕዳር፡ ኦባማ፡ ብወግዒ ዝኣውጆ ፍልሰት፡ ዊኪሊክ ዘቃልዖም ሰንዳትን ወሲኽካ ክፍተሽ እንከሎ፡ ተሓተቲ ናይ’ዚ ገበን፡ መንግስቲ ኤርትራ ዘይኮነስ፡ ባዕሎም እዞም ፍሩያት፡ ንዓለም ዘነቓንቑ ዘለዉ ኣካላት’ዩ ዝምልከት። ተሓተቲ ድማ ንሳቶም ይኾኑ።




*መን’ዩ መዋሊ ንመዓስከራት ስደተኛታት ትግራይ? ንስርዓት ወያነ፡ መደለብ ሃብቲን፡ መዋፈሪ ቀርሰናን ኮይኑ ዘሎ መደበራትን ማይዓይንን ዓዲ ሕሩሽን?*

## <u>ይኹን እምበር፡ ኣብ መወዳእትኡ፡ እቲ ፍታሕ፡ ኣብ ኢድ መን'ዩ?</u>

ኣነ፡ ድሕሪ 40 ዓመታት ስደት፡ ኣብ'ዚ ዝሓለፈ ዓመት 2014፡ ንኣዋርሕ ብባህታ ኣብ ዝጸናሕኩሉ እዋን። መቐረት ናጽነት ብዝግባእ ኣስተማቐረዮ። ምስ'ቲ ዝተማሃርኩዎን ዝተዓዘብክዎን ድማ፡ እዚ ኹሉ ዝተባህለ፡ ትርጉም ዘይብሉ፡ ጻንጻ ዝትሕዝትኡ ጸብጻብ፡ ምስ ረኣኹ፡ ስግድግድ ኢዩ ኢሉኒ። ናይ ቅንኢ ምኽኑ ኣረጋጊጸ ፈሊጠ። ነቲ ዘለና ጽባቐታት ጸጋን፡ ሰላምን፡ ነቲ ብርሃን ከጸልምቱ፡ ነቲ ዘሎ ቅዱው ዝምድና ህዝብን መንግስትን፡ ኣብ መንጎ ብሐራትናን፡ እምነታትና ዘይነቕነቕ ምጽውዋርን ምጥዕዓምን፡ ብብዙሕ መገድታት ተፈቲኑ፡ ዘይፋናተት ስምረት፡ ምክብባር ዝዓሰሎ ባህልን ኣካይዳን፡ ብዝኾነ ይኹን ትኣምር፡ ክዝርጎ ዝኽእል ሓይሊ ከምዘየለ እየ፡ ኣጸቢቐ ዝርዳእ። ከምይ ዝብል ሕቶ፡ ምስ ዝህሉ ድማ፡ እቲ ዘሎ ባይታ፡ ከምኡ ዓይነት ምልክት ስለ ዘይትርእየሉ። ሓላፍነት ዝስምዖ ኩሩዕ ህዝቢ ስለ ዘሎና። ኣብ መንጎ ህዝብን መንግስቱን ዘሎ ዘቅንእ ምውሳእ፡ ካብ ነዊሕ ዓመታት፡ ካብ ብዙሕ ውረድ ደይብ፡ ዝተጠርየ ተምክሮታት፡ ነዊሕ ሱር ዝሰደደ፡ ሓባራዊ ሃገራዊ ፍቕርን ያታን፡ ዝተቐስሙ ታሪኻዊ ፍጻሜታትን፡ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ዜጋ፡ ኣብ ልቡን ኣእምርኡን፡ ከምሃወልቲ ተነዲቑ ስለ ዘሎ። እዚ መንፈስ'ዚ ዝዓጠቐ ህዝቢ፡ ወትሩ ድልው'ዩ ዘሎ። ብኽብረቱ ዝዋገ ህዝቢ ኣይኮነን። ልዕሊ ኹሉ ድማ፡ እዛ ሃገር ህያብ ስውኣትና'ያ። ክቡር ህይወት ኢዩ ተኸፊልዋ። ብግዚያዊ ጸገማት፡ ተጣሪዑ መእዝኑ ዘጥፍእ፡ ዘይምኽኑ ኣንቢበ፡ ዓቃልን ዘይክማህ ተጻዋርነት፡ ባህላዊ ዕርዲ ዝነደቐን ዘጥረየን ህዝቢ ስለ ዘለና። ኣካል ናቱ ምኳን ድማ። እሕበን፡ ትሕበኑ።




መርኣያ ጥዑይ ዝምድና ህዝብን መራሕትን፡ ኣሎ ኣብ ቦትኡ!!

ብዝኾነ፡ ነዚ ብዝርዝር፡ ብሓባር ክንከታተሎ ዝጸናሕና፡ ነጥብታት፡ እዚ ሓጂ፡ እዛ ኮምሽን ንልዕሊኣ ዘሎ ኣካል ከተቕርቦ ትጓናባሓሉ ዘላ ጠለባት፡ ተጠቂሱ ዘሎ ዝተፈላለየ ምሕጽንታታት፡ መታሓሳሰብን ሓደራታትን፡ ኣብ ግምት ኣእቲና፡ እቲ ሃቀነታት፡ እንታይ እመስል መረዳእታ ሒዝና ኣሎና። ናበይ ክበጽሑ ከምዝደለዩ፡ ኣነጺራቶ ኣላ። ብድሕሪ ሕጂ ክውሰድ ዝኽእል ስጉምትታት፡ ናይ ቤት ምኽሪ ሰብኣዊ መሰልን፡ ቀጺሉ ድማ ቤት ምኽሪ ባይቶ ጸጥታ ውዱብ ሕቡራት መንግስታትን፡ ግምታተይ ብዘየገድስ፡ ዝግባእ ናይ ርእሰ-ምክልኻል ምድላዋት ከምዘድልዮ፡ ዝሰሓት ኣይኮነን። በዚ መሰረት፡ ናብ'ቲ ልሙድን ፍቱንን ኣሳራርሓና ክንምለስ፡ ህዝባዊ መኸተና ክወናጨፍ ይግባእ። መፍትሒኡ፡ ብመጀምርታ ኣብ ኢድና ኢዩ ዘሎ። ሓድነትናን ውህደትናን፡ መሰረት ኩሉ ዓወታትና ከም ምኳኑ፡ ኣብ'ዞም ዝሓለፉ ናይ 5 ናይ ቃልሲ ዓመታት ተረጋጊጹ ኢዩ። ጸላእትና ድማ ነዚኣ፡ ኣጸቢቖም ዝፈርህዋን፡ ምስጢር ዓወትና ኣብ ሓይሊ ሓድነትና ስለ ዝኾነ፡፡ ንዝተረፈ ቅልስ፡ ብዓወት ክንዛዝሞ፡ "ሆ ትሻሞ! ንሻመወላ!!

### ነዚ፡ ጣዕመ ቃንኡን፡ ሓቀኛ ፍሪኡን ዘይቃዶ፡ መዝሙር ውስልትና፡ "ሰብኣዊ መሰል" ፎእ ንበሎ!!

ዓወት ንሓፋሽ፡ ዕድመ ንህዝባዊ ግንባር!!